ትንቢት ሚክያስ
(ጠቢቅ ድኻታት)

I. ድሕረ ባይታ እቲ ነብዪ

ትርጉም ስሙ
- ሚክያስ ማለት "ከም ኣምላኽ ዝበለስ መን እዩ" ማለት እዩ።

መግለጺ ስሙ ጠቢቅ ድኻታት።

ወላዶኡን ዓዱን
- ብዛዕባ ወለዶኡ ዚዛረብ ጽሑፍ የልቦን።
- ዓዱ ሞረሽታይ እትበሃል እያ። 32 ኪ.ሜ. ብደቡባዊ የሩሳሌም ትርከብ።

ጠባዩ
- በዓል ዓብዪ ርትዕን ትብዓትን
- ቀናእ ንፍትሒ
- ጠቢቅ ድኻታት
- ዘይፈርህ ነብዪ
- ምስ ድንጋጽ ዝተሓወሰ ምሕረት ዘይብሉ ጠባይ ኔርም። "ጠባይ ኣሞጽ"
- ንፍትሒ ቅንኣት ነበሮ።'

ስርሑ ብትሕዝቶ እታ ዓዲ ኣብ ሃገረሰብ ሓረስታይ ዝነበረ ይመስል።

ጊዜ ኣብ ጥቅሲ ሓደ ተገሊጹ ከም እንረኽቦ፡ ነብዪ ሚክያስ ብዘበን ዮታም (739-731 ቅ.ል.ክ.)፡ ኣሃዝ (731-715 ቅ.ል.ክ.)፡ ከምኡውን ህዝቅያስ (715-686 ቅ.ል.ክ.) ኣብ ይሁዳ ነጊሶምሉ ዝነበሩ ጊዜ እዩ ኔሩ። ስለዚ ኣብዚ ጊዜ እዚ እያ ተጻሒፋ።

ቦታ ኣግልግሎቱ ኣብ ደቡባዊ ምዕራብ ይሁዳ ኪኸውን ከሎ፣ መልእኽቱ ግና ኣንጻር እስራኤልን ይሁዳን እዩ ዘጠቓልል። ኣብ ሞረሽታይ እትብሃል ዓዲ፣ ብደቡባዊ ምዕራብ ይሁዳ ትርከብ፡ ድማ ይቕመጥ ነበረ።

ኣንባብ ኣገልግሎቱ
- ሕቶታት፣ ድግማ፣ ብሩህ መግለጺ፣ መግናሕቲ፡ ኮነ ይጥቀም። (ጽቡቕ ምል ክት ቋንቋ እብራይስጢ ነበሮ።)
- ኣቀራርብኡ ንጹር፣ ትኽ ዝበለ፣ ሓድሽ፣ ብርቱዕ ነበረ።

መልእኽቱ
- ሃገራዊ ክሳቡ ብቀዳምነት ብዛዕባ ሓጢኣትን ፍርድን።
- ንጹር፣ ሓጺር፣ ኣጠቓላሊ፣ ንኮሉ ዘርኢ።
- ኣንጻር ማሕበራዊ ክፍኣት ዝሓዘ እዩ።
- ንእስራኤልን ይሁዳን ፍርዲ ቀሪቡ ከምዘሎ ይነግር።

ኣብ ግዚኡ ዝነበሩ ነገስታት፡
- ዬታም፣ ኣሃዝ፡ ሀዝቅያስ ኣብ ይሁዳ።

ኣብ ግዚኡ ዝነበሩ ነብያት፡
- ኢሳይያስ ኣብ ይሁዳ።
- ሆሴእ ኣብ እስራኤል።

ኣብ ግዚኡ ዝተፈጸሙ ክነታት፡
- ምውዳቕ ሰማርያ ብ722 ቅ.ል.ክ።
- ብዙሕ ወራር ብሰማርያ።

ኣብ መልእኽቱ ጸብለል ዝበለት ቃል፡
- "ሰምዑ" 9 ጊዜ ተጠቒሳ ትርከብ።

ቁንዲ ቃል፡ ፍርድን ምምላስን ይሁዳ
ቁንዲ ጥቕሲ፡ (3፡12,5፡2, 6፡2,8)

II. ክነታት እቲ ዘመን

ፖለቲካውን ማሕበራውን
- ጊዜ ዕግርግርን ባእስን ለውጥን (2ነገ 15፡23-20፡21)
- ካህናት ብሞራላዊ ናብራኦም ብልሹዋት ነበሩ (2፡2ፕ3፡2)
- ፈረድቲ ገበኛታት ነበሩ።
- ነብያት ብደሞዝ ይንበዩ ነበሩ።
- ክበርቲታት ጨቋንቲ ድኻታት ነበሩ።
- ዓብይ ሀርፋን ንሃብቲ፡ እታ ሃገር ተባላሽያ ነበረት (2፡8-9)
- ብጊዜ ንጉስ ዮታም ብልጽግት ነይሩ። ኣብ ጊዜ ኣሃዝ ግን ይሁዳ ንኣሶር

ግብሪ ክትከፍል ተገዲዳ ነይራ። ኣብ ትሕቲ ሀዝቅያስ ክኣ ኮነታት እናገደደ ከደ። ኣብታ መወዳእታ ግዝኣቱ ግና መንፈሳዊ ምንቅቓሕ ኮነ።

ሃይማኖታዊ
- ጥንቆላ፡ ኣምልኾ ጣኣት፡ ኣስማትነት፡ ነይሩ። (7፡2,4-6)
- ነብያትን ካህናትን ሞራሎም ዝወደቐ ብልሹዋት ነበሩ። (2፡11)

III. ትንታኔ እታ መጽሓፍ

1. ሓፈሻዊ መደብ ኣሰራርጋ

እዛ መጽሓፍ ሓፈሻዊ መደብ ኣሰራርጋ ኣብ ሰለስተ ክፍልታት ኣተመቕለት እያ።

ሀ. ነፍሲ ወከፍ መስርዕ፡ ብ"ሰምዑ" ትጅምር (1፡2ፕ3፡1ፕ6፡1)

ለ. ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ፡ ዝተኾነነ ሓጢኣትን ኣዋጅ ፍርድን ኣዋጅ ተስፋን ተጎኒሩ ኣሎ።

ሓጢኣት	ፍርዲ	ተስፋ
1፡1-7	2፡1-11	2፡12-13
3፡1-4	5፡1	5፡2-15
6፡1-8	6፡9-16	7፡7-13

ሐ. ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ፡ ብጸልማት (ብዘጉሂ ነገር) ጀሚሩ ብዘሕጕሰ ተስፋ ታት ይውድእ።

ጸልማት	ተስፋ
1፡1-7	2፡12-13
3፡1-4	5፡10-15
6፡1-8	7፡7-13

ስለዚ ውድቀት- ፍርዲ (መቕጻዕቲ) መኣረምታ - ድሕነት ዘጠቓለለ ኣገባብ ኣሎዎ።

2. ኣብዛ መጽሓፍ እትጠቕሳ ሓጢኣት

• ምጭቋን ድኻታት	2፡2ፕ3፡2
• ኣምልኾ ጣኣት	1፡7ፕ6፡16
• እክይ ትምኒት	2፡2
• ርኽሰት	3፡10
• ምትላል፡ ዓመጽ፡ ምዝራብ ሓሶት	6፡12
• ዘይቅኑዕ ልብን ንደም ምድባይን	7፡2
• ምትብባዕ ንሓሰውቲ ነብያት	2፡6,11
• ክፍኣት ኣሕሉኾ	3፡1-3
• ክፍኣት ነብያት	3፡5-7
• ክፍኣት ካህናት	3፡11
• ጉቦ	3፡9,11ፕ7፡3
• ዘይቅኑዕ ሚዛን	6፡10,11

3. ታሓት ትንቢት አብዛ መጽሓፍ

- ምውዳቕ ሰማርያ 1፡6,7
- ምዕናው የሩሳሌምን ቤተ መቕደስን 3፡12፣7፡13
- ምርኮ ህዝቢ ይሁዳ ናብ ባቢሎን 4፡10
- ምምላስ ህዝቢ አምላኽ ካብ ምርኮ 4፡1-8፣7፡11፣14-17
- ምምጻእ ዓለምለኻዊ ሰላም 4፡1-5

4. ነሓሪ ጥቅሚ ዘለዎ ትምህርቲ

- ሃይማኖትን ቅኑዕ ናብራን ኪፈላለ ዘይክኣል እዩ።
- ምስ አምላኽ ተሰማሚዕና ከይተመላለስና፡ በረኸት አምላኽ ክንቅበል ዘይክኣ ል ነገር እዩ።
- ፍልልይ አብ መንነ ሓቀኛን ሓሳዊ ነብዪን አብ ትምህርቶምን አብ ጠባዮም ን (ህይወቶምን) እዩ።
- ዓለምለኻዊ ሰላም ኪመጽእ ዝኽእል፡ ህዝብታት ዓለም አብ ትሕቲ እግሪ እቲ መሰፍን ሰላም ኮፍ ኢሎም ምስ ዚመሃሩ ጥራይ እዩ።
- መራሕቲ ምስ ዘይቀንዑ፡ ሃገር አብ ሓደጋ ትወድቅ።
- ሃይማኖታዊ ምምሳልን ህያባትካ ምሽራፍን ነቲ ካብ ልቢ ዚወጽእ ናይ ሓቂ ጽ ድቂ፡ ኪትክእ አይክእልን'ዩ።
- ዘይግባእ ስልጣን ምጥቃም፡ ልቢ አምላኽ የጉሂ።
- ሃይማኖት ናይ ውሽጢ ልቢ ጉዳይ እዩ፡ ንሓደ ሰብ ድማ ብመራሕነት አምላ ኽ ኪመላለስ ይገብሮ።
- ትብዓት ናብቲ ህላውነት አምላኽ ዝስምየ ሰብ እያ ትመጽእ።
- ርግጽነት ናይ ምፍጻም መደባት አምላኽን ተግባራቱን
- ካባና ግቡእ (ምኽኑይ) ዝኾነ ነገራት እግዚአብሄር ይሓትት። እቲ ዚሓተና ከአ ዘይልወጥ እዩ። ዕምቈትን ዘይምልዋጥን እቲ ዓቢዪ አምላኽ ንርኢ።

5. ምንጽር ሚክያስ ምስ ኢሳይያስ

- ኢሳይያስ አብ ቤተ መንግስትን አብ ከተማን ነበረ፡ ሚክያስ ግና አብ ሃገረ-ሰ ብ ሓረስታይ ነበረ።
- ኢሳይያስ ናይ ፖለቲካ ሰብ ነይሩ፡ ሚክያስ ግና ወንጌላውን ናይ ማሕበራዊ ና ብራ ሰብን ነበረ።
- ኢሳይያስ ብዛዕባ ፖለቲካ ሃገራት የተኩር ነበረ፡ ሚክያስ ግና ብዛዕባ ናይ ብሕ ቲ ሃይማኖትን ብዛዕባ ናይ ማሕበራዊ ናብራን ሞራላዊ ህይወትን ተዛረበ።
- ኢሳይያስ ምስ ነገስታት ሕብረት ነበሮ፡ ሚክያስ ግና ዲሞክራሲያውን ምስቲ ሓፋሽ ህዝቢ ርክብ ዝነበሮ'ዩ ኔሩ።
- ኢሳይያስ ጽዮን ጸኒዓ ከም እትነብር ተዛሪቡ (ናይ ነዊሕ እዋን)፡ ሚክያስ ግና ውድቀት ናይ ጽዮን ተዛሪቡ።
- ሚክያስ ጥራይ እዩ ኣንጻር እስራኤልን ይሁዳን ተነብዩ ዘሎ። እቲ መጀመር ታ ነብዪ ኣንጻር የሩሳሌም ዝተዛረበ ከኣ እዩ።

6. ረቂቕ ትንቢት ሚክያስ

I. ውድቀት ሰማርያን የሩሳሌምን ምዕ. 1,2
- ክልቲኤን ከተማታት ኪጎንዋ ናይ ግዲ እዩ 1፡2-16
- ምኽንያት ናይቲ ፍርዲ 2፡1-11
- ተስፋ ናይ ምሕዳስ 2፡12,13

II. ሓጢኣት ካህናትን ነብያትን መራሕትን ምዕ. 3-5
- መራሕትን ነብያትን ተበላሽዮምን ኣምልኾ ኣጥፊኦምን 3፡1-12
- ስእሊ ናይ ተስፋ ምሕዳስ ክብርን ናይቲ መሲህን 4፡1-5፡16

III. ጉዳይ ኣምላኽ ምስ እስራኤልን እቲ ናይ መወዳእታ ምዕ. 6,7
- ዝተገብረሎምን መገዲ ምድሓንንምዕ. 6፡1-7፡20

ትንቢት ናሆም
(መርገም ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ጭካና)

I. ድሕረ ባይታ እቲ ነብዪ

ትርጉም ስሙ

- ናሆም ማለት "ምጽንናዕ" ማለት እዩ። ህዝቢ ኣሶር ኪጠፍእ ህዝቢ ይሁዳ ግና ካብ ምርኮ ኪምለስ እዩ ኢሉ ብምንባሩ ንህዝቡ ዘጸናንዔ ነብዪ እዩ ኔሩ።
- ብጀካ ኣብቲ መለዶ ናይ የሱስ ክርስቶስ ኣብ መጻሕፍቲ መጽሓፍ ቅዱስ ኣ ይንረኽቦን ኢና (ሉቃ.3፡25)።

መግለጺ ስሙ እቲ ገጣማይ ተባሂሉ ይጥቀስ እዩ።

ውለዶኡን ዓዱን እታ ሓንቲ ሃገር ብዛዕባ ዓዲ ናሆም እንፈልጣ እታ ዚነብረላ ዝነበረ ዓዲ ኣልቆሽ ከም እትብሃል ጥራይ'ዩ። ኣልቆሽ ዚበሃላ ሰለስተ በበይነን ስ ፍራታት ሰለ ዝነበራ እዛ ቦታ እዚኣ ኣበይ ከም ዝኾነት ብዙሕ ርግጽነት የብ ልናን። ብዛዕባ ወለዶኡውን ሓበሬታ የብልናን።

- እታ ቀዳመይቲ 32 ኪ.ሜ. ብደቡባዊ ምዕራብ ናይ የሩሳሌም እትርከብ እያ።
- እታ ካልኣይቲ ከኣ ኣብ ጥቓ ፈለግ ጢግሪስ እትርከብ እያ።
- እታ ሳልሰይቲ ድማ ኣብ ገሊላ እትርከብ እያ። ምናልባሽ ዓዲ ናሆም ኣ ብዚኣ ከይኮነ ኣይተርፍን ይብሃል። ዳሕረዋይ ስም እዛ ቦታ እዚኣ ድማ "ቅፍርናሆም" ተባሂሉ ይጽዋዕ።ዓዱ ሞረሽታይ እትበሃል እያ። 32 ኪ.ሜ. ብደቡባዊ የሩሳሌም ትርከብ።

ጊዜ እቲ ጊዜኡ ኣብ (3፡8-10) ተሓቢሩልና ኣሎ። ኣብዚ ውድቀት ናይ ኖ-ኣሞን ማለት ቲበስ ናይ ግብጺ (ላዕላዋይ) ድሮ ዝተፈጸመ፡ ከምኡ ድማ ድሕሪኡ ኪፍጸም ዘለዎ ውድቀት ናይ ሃዌ ተጠቒሱ ኣሎ። ኣሶር ባኒባል ንናኣሞን

ብ663 ቅ.ል.ክ ሓዛ። ነነዌ ድማ ብ606 ወይ 612 ቅ.ል.ክ ናባፖ ላዙር ሓዛ። ስለዚ እዚ ነብዪ ዝነበረሉ ጊዜ ኣብ መንነ እዚ ክልተ ጊዜታት ማለት እዩ።

ኣጣብብ ኣጸሓሕፍ።

- ብቐሊሉ ኽሉ ክርድኦ ዝኽእል ኣጣብብ ግን ብርቱዕን ስኣላውን ዝኾነ ኣጸሓሕፋ ይኽተል።
- ሕቶ፣ መልሲ፣ ምንጽጻር፣ ከምኡውን ድግግ ይጥቀም።
- ዓቢዪ ስምዒት ዘሕድረልካ ቃላት ይጥቀም።
- እቲ ዚጥቀመሉ ቃላት ምሕጽንታን ተግባሽን ወይስ ቃላት ኮነ ንጹርን ሓ ያልን ነበረ።

ቁንዲ ቃል፣ ፍርዲ ነነዌ

ቁንዲ ጥቕሲ፣ (1፡7-8, 3፡5-7)

II. ኩነታት እቲ ዘመን

- እቲ ብ663 ቅ.ል.ክ. ንኖ-ኣሞን ዝሓዛ ንጉሰ ኣሱር ባኒባል ተወዳዳሪ ዘይብሉ ጨካን ሰብ ነበረ። ብዝገበሮ ኵሉ ሕማቕ ነገር ዚሕበንን ዚፍክርን ነበረ።
- ናሆምን ህዝቡን ኣብ ዘፍርሕ ኩነታት ናይ ጸላኢ ነበሩ። (1፡15-2፧2)
- ነነዌ ኣብዚ ጊዜ'ዚ ኣብ'ቲ ዝለዓለ ደረጃ ናይ ክብረት ነበረት። (3፡10,17) ስለዚ እቲ ነብዪ ብ650 ቅ.ል.ክ ኣቢሉ ብምንባቡ ነቲ ገና ዘይተራእየ ውድቀ ትን መዓትን ናይ ነነዌ ገለጸ።

III. ትንታኔ እታ መጽሓፍ

1. ኣዋጅ ፍርዲ ኣብ ልዕሊ ነነዌ - (ምዕ.1)

- ኣምላኽ ነቶም ዘሮኽብርዎ ህዝቢ ይቕጽየም (1፡1-3)
- ዓለም ኩነት እቶም ኣብኡ ዚነበሩ ህዝብታት፡ ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻር ኣምላኽ እ ዮም።(1፡4-5)
- ኣምላኽ ንዘየኽብርዎ ኪቀጽየም ከሎ፡ ሓደ ኣብ ቅድሚኡ ደው ኪብል ዝኽእ ል የልቦን።
- ኣምላኽ ነቶም ዚኣምንዎ ሰናይን ዕርድን ብጸበባ ፍጡን ረድኤትን እዩ። (1፡7)
- ኣምላኽ ንህዝቢ ኣሶር ቀልጢፉ ከም ዘጥፍኦም እቶም ኣንጻሩ ዝህቅኑ ድማ ቀ ልጢፎም ከም ዝወድቁን ይሕብር። (1፡9-11)
- ሽሕኳ ህዝቢ ኣሶር ሓያላት እንተኾኑ ኣምላኽ ቀልጢፉ ክጽንቶም'ዩ። እቲ ብዙ ሕ ጭንቂ ዝነበሮ ህዝቢ እስራኤል ድማ ካብ ኢድ ኣሶር ሓራ ኪወጽእን እንደገ ና ኣይኪጭነቕን እዩ። (1፡12-13)
- እንደገና ኣምላኽ ነቶም ኣሶራውያን መንግስቶም ከም እትወድቕን ንጉሶም ድ ማ ኣብታ ንኣማልኹቱ ዘገልግለላ ዝነበረ ቦታ ከም ዝቕበርን ይነግሮም።1፡14
- ብዛዕባ'ቲ ኣሶር ከም ዝወደቕት ዘበስርን ብዛዕባ ሓጕስ ህዝቢ ይሁዳን ኣብ 1፡15 ነንብብ።

2. ፍርዲ ኣብ ልዕሊ ነነዌ (ምዕ. 2)

1) እተን ቀዳሞት ዓሰርተ ጥቕስታት ብዛዕባ'ቲ ንከተማ ነነዌ ዝዋጋእ ዝነበረ ሰራ ዊት ባቢሎን ይዛረባ። (2፡1-10)
   - (2፡1) ኣምላኽ ነቶም ፈራሆም ዘለዉ ህዝቢ እታ ከተማ ንውግእ ኪዳለዉ ይነግሮም።
   - (2፡2) ኣምላኽ እንደገና ንኽብሪ ናይቲ ህዝቢ ኪመልሶ እዩ
   - (2፡3-4) መግለጺ ናይ ሰራዊት ባቢሎን።
   - (2፡5) – እቶም ድኹማት ክበርቴታት ኣሶር ነታ ከተማ ኪከላኸሉላ ከለ ዉ ንርኢ።
   - (2፡6) - ነቲ ፈለግ ናብታ ከተማ ስለ ዝፈሰሰ እቲ ኣደራሽ ኪመክኽ ከሎ ንርኢ።
   - (2፡7) - ምምራኽ መንግስቲ ኣሶርን ዋይዋይታ ኣግራዳን።
   - (2፡8) – እቶም ህዝቢ ካብታ ከተማ ይሃድሙ ነቶም ደው በሉ ዝበልዎም ድማ ኣይሰምዕዎምን።
   - (2፡9-10) ባቢሎናውያን ወርቕን ብሩርን ካብ ነነዌ ይዘምቱ። ነነዌ ባዶን ጥ ራያን ትተርፍ። ልቢ እቲ ህዝቢ ድማ ይመክኽ።
2) 2፡11-13 ከተማ ነነዌ ከም ጉድጓድ ኣናብስ ነበረት። እቲ ህዝቢ ንኻልኦት ቀ ቲልዎምን ዘሚትዎምን ነበረ። እንተኾነ እግዚኣብሄር ከተማኹም ክትጠፍእ እያ ይብሎም።
3) መረጋገጺ ፍርዲ ኣብ ልዕሊ ነነዌ። ምዕ.3
   - (3፡1) ህዝቢ ነነዌ ንኻልኦት ኣህዛብ ዓሚጹን ቀቲሉን ገንዘቦም ዘሚቱን ነ በረ።
   - (3፡2-3) ሕጂ ግን ሰራዊት ባቢሎን ኣንጻሮም ሰለ እተዋግኤን ሰለ ዝሰዓሮ ምን ጉደናታት ነነዌ ብኹምራ ሬሳታት መሊኡ ይርኤ።
   - (3፡4) እቲ ህዝቢ ንብዙሓት ናብ ምንዝርናን ጥንቆላን ብምምራሕ ይነግድ ስለዝነበረ እግዚኣብሄር ኪቀጽየ እዩ።
   - (3፡5-7) እግዚኣብሄር ንሓጢኣቶም ኣብ ቅድሚ ካልኦት ኪቀጽየን ኪቐል ያን እዩ።
   - (3፡8-10) ህዝቢ ከተማ ኖ-ኣሞን ካብ ቅጽዓት ኣምላኽ ከምልጡ ከምዘይ ከ ኣሎም፡ ህዝቢ ከተማ ነነዌ ድማ ከምልጥ ኣይክእልን እዩ።
   - (3፡11-13) ኣምላኽ ንነነዌ ኪፈርድ ጊዜኡ በጺሑ ነበረ፡ ህዝቢ ነነዌ ድማ ደው ኪብል ኣይክእልን እዩ።
   - (3፡14-17) እስራኤል ንባቢሎናውያን ኪዋግእዎም ዝከኣሎም ኪገብሩ እ ዮም። እንተኾነ ባቢሎናውያን ኪስዕርዎም ነታ ከተማ ኪወስድዋውን እዮ ም። ከም ኣንበጣ ዝምብዝሑም ነጋዶን ገዛእትን ምሁራት ሰባትን ኣብ ነ ዌ ኔሮም። እንተኹነ ኮሳቶም ብሓንሳብ ኪሃድሙ እዮም።
   - (3፡18-19) መራሕቲ ኣሶር ሞይቶም፡ ህዝቢ ኣሶር ፋሕ ኢሉ። ኣሶር ብዙሕ ስለ ዘሳቐየቶም፡ ድማ ብምውዳቕ ኣሶር ብዙሓት ኪሕጐሱ እዮም።

3. ትምህርቲ ብዛዕባ አምላኽ (1ቆ2-3)
- ቀናእ አምላኽ
- ፋዳይ ሕነ አምላኽ
- ዝቁጣዕ አምላኽ
- ዝቕየም አምላኽ
- ዝኹሪ አምላኽ
- ንበዳሊ ከም ቅኑዕ ዘይርእዮ አምላኽ
- ንኡራ ደንጓይ አምላኽ
- ሰናይ አምላኽ
- ብመዓልቲ ጸበባ ዕርዲ ዚኸውን አምላኽ
- ነቶም ናቱ ዝፈልጦም አምላኽ

4. ነባሪ ዝኾነ ትምህርቲ
- ኮሎም ደቂ ሰባትን ተግባራቶምን ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻር አምላኽ እዩ።
- ብድሕሪ ቕጥዓ አምላኽ ፍቕሪ አምላኽ ኣሎ።
- እቶም ሴፍ ዘልዕሉ ብሴፍ ኪጠፍኡ እዮም።
- እግዚኣብሄር ኣንጻር ዝኾነ ይኹን ዓይነት ሓጢኣት እዩ።
- ትዕግስቲ እግዚኣብሄር ደረት ኣለዎ።
- ዓስቢ ሓጢኣት ሞት እዩ።
- እቲ ዓይኒ የብለይ ስኒ የብለይ ኢሉ ናብ ምብራስ ህይወትን ንብረትን ዘምርሕ ትዕቢት ደቂ ሰባት ንኣምላኽ የቕጥዖ እዩ።
- እቶም ግዲ አምላኽ ዘይገብሩ ሰባት (ህዝቢ) ብጊዜ ጸበባኣም ኪንገር ዘይክኣል ስ ቓይ ኪወርዶም እዩ።

5. ብዛዕባ ክተማ ነነዌ
- ብንጉስ ኒሞሮድ ተመስረተት።
- ዋና ክተማ ናይ ነገስታት ኣሶር- ካብ 1100-880 ቅ.ል.ክ ከምኡውን 705-612 ቅ.ል.ክ ነበረት።
- ዓባይ ነነዌ 54 ኪ.ሜትር ንውሓታ 16 ኪ.ሜትር ስፍሓታ ዝነበረት ክተማ እያ ነይራ።
- ኣብ ወጻኢ እታ ክተማ 50 ሜትሮ ዝማግፉ 20 ሜትሮ ክኣ ዝምዕማቹ ማይ ዝመልኤ ጉድጓድ ነይርዋ።
- ነፍሲ ወከፍ 200 እመት (67 ሜትሮ) ንውሓት ዝነበሮ ካብ 1200 ዝበዝሑ መ ካላኽሊ ግምብታት ነይርዋ።

ትንቢት ኣንባቆም
(ነብዩ እምነት)

I. ድሕረ ባይታ እቲ ነብዪ

ትርጉም ስሙ
- እንባቆም ማለት "ምሕቋፍ" ማለት እዩ።
- ካብ ኣፈ ታሪኽ እዚ ስም'ዚ ዝተዋህቦ ብምኽንያት እቲ ምስ ኣምላኽ እተቓለ ሰን፣ ንኣምላኽ ዝነበሮ ፍቕርን እዩ ይብሉ።

መገለጺ ስሙ ብበበይኑ ናይ ቅጽል ስም ተጸዊው ኣሎ።
- "ናጻ ሓሳበይ ኣብ መንጎ ነብያት"
- "ኣቦሓጎ ናይ ምሕዳስ" (The grandfather of the Reformation)
- "እንባቆም እቲ ፈላስፋ"

ውለዶኡን ዓዱን፣
- ካብ ቤት ክህነት ክኸሱ ብዛዕባኡ ሒደት ጥራይ እዩ ዚፍለጥ።
- በዓል (ወዲ) የሩሳሌም ዝነበረ ይመስል፣ ኣብ ይሁዳ ድማ ይቕመጥ ነበረ።

ጠቐሱ ኣኽብሮት ዝመልኦ መንፈስን በሊሕን ምዕቡል ኣተሓሳስባን ነበሮ።

ጊዜ ኣብ መንጎ 612-598 ዘሎ ጊዜ 603 ቅ.ል.ክ ከይኹነ ኣይተርፍን።

ቦታ ኣግልግሎቱ ይሁዳ፣ ብዛዕባ ይሁዳን ባቢሎንን ግና ተነቢዩ ኣሎ።

ኣንባብ ኣጸሓሕፍኡ
- እቲ ቋንቋ ክትዕ ናይ ሞራላዊ ግድላት እዩ።
- ኣዝዩ ጽቡቕ ቋንቋ ይጥቀም። ገና ግና ፍልስፍናዊ ክትዓዊ እዩ።
- መልክዕ ናይ ድራማን ዝርርብን፣ ምውድዳርን ድግግን፣ ይጥቀም።

መልእኽቱ፡
- ውልቃውን ሃገራውን እዩ።
- ዝርርብ አብ መንነኡን አብ መንነ አምላኽን ነበረ።
- ንምሕረት ምልግንን ኣዋጅ ናይ ወዮን ኣለዎ።
- መፍትሒኡ "ጻድቅ ብእምነት እዩ ዝነብር" እትብል እያ።
- ብተወሳኺ ዕላማ መልእኽቱ ናይ ከለዳውያን ውድቀት ኣቕዲሙ ንምሕባር እዩ ኔሩ።

አብ ዝኒኡ ዝሽበሩ ነገስታት፡
- አብ ይሁዳ፡ ዮስያስ፡ ዮኣስ፡ ዮኣቂም፡ ጼድቅያስን።
- አብ እስራኤል፡ ሰሜናዊ ግዝኣት እስራኤል አብቂው ነበረ።

አብ ዝኒኡ ዝሽበሩ ኑብያት፡
- ኤርምያስ
- ዳንኤል
- ጸፎንያስ
- ናሆም
- ኣብድያ ✓

አብ ዝኒኡ ዝተፈጸሙ ኩነታት፡
- ውድቀት ነነዌ - 612 ቅ.ል.ክ
- ዮስያስ አብ ሚግዶ 608 ቅ.ል.ክ
- ውግእ ናይ ከርከሚሽ 605 ቅ.ል.ክ
- ምትሓዝ የሩሳሌም 606 ቅ.ል.ክ
- ካልኣይ ምትሓዝ የሩሳሌም 598 ቅ.ል.ክ

አብ መልእኽቱ ጸብለል ዝበሉ ቃላት፡
- "ፍርዲ" 4 ጊዜ ተጠቒሱ

ቀንዲ ቃል፡ ጻድቕ ግና ብእምነቱ ይነብር

ቀንዲ ጥቕሲ፡ (2፡4, 3፡17-19)

II. ዝኾነታት እቲ ዘመን

ፖለቲካዊ ትንታነ
- ነቡካድነጸር ናይ ባቢሎን፡ ንግብጻውያን ስዒሩ ናይቲ እዋን ዝሰልጠነ ዓለም ግዛኢ ኮነ።
- ምድሪ ይሁዳ አብ ሓደጋ ወዲቓ ነበረት።
- እዚ ትንቢት እዚ አብ መንነ 625-605 ቅ.ል.ክ ዝተፈጸመ ምናልባሽውን ብ607 ቅ.ል.ክ አብታ መጀመርታ ግዝኣት ናይ ዮኣቂም ከይኩነ ኣይተርፍን። ከለዳውያን ናብ ምዕራብ አቢሎም ይግስግሱ ነበሩ (1፡6)። ግና ግና አብ ይሁዳ

ኣይበጽሑን (3፡16)።

መስርዕ ናይቲ ጊዜ ከምኒ ዚሰዕብ ነበረ። (Halley's Bible H.B)
- 639-608 ቅ.ል.ክ ዮስያስ፡ ዓቢዩ ምሕዳስ። ጸፎንያስ ዝነበረሉ
- 626 ቅ.ል.ክ አሶር ብወራር ናይ ስኪትያን (Scythian) ደኽመት።
- 625 ቅ.ል.ክ ባቢሎን ካብ አሶር ናጽነት ኣወጀት።
- 608 ቅ.ል.ክ ዮኣስ ድሕሪ ናይ ሰለስተ ወርሒ ግዝኣቱ ናብ ግብጺ ተወስደ።
- 608-597 ቅ.ል.ክ ዮኣቂን፡ ኣዝዩ ርኹስ ግዝኣት። ኣምባቆም ዝነበረሉ ጊዜ
- 607 ቅ.ል.ክ (ወይ 612) ባቢሎናውያን ንነነዌ ኣዕነውዋ።
- 606 ቅ.ል.ክ ባቢሎናውያን ንይሁዳ ወረርዋ።
- 605 ቅ.ል.ክ ባቢሎናውያን ንግብጻውያን አብ ከርከሚሽ ሰዓርዎም።
- 597 ቅ.ል.ክ ዮኣቂን ንኃ ወርሒ ግዝኣ ናብ ባቢሎንውን ተወስደ
- 597 - 586 ቅ.ል.ክ ጼድቅያስ እቲ ድኹም ርኹስን ንጉስ፡ ናብ ባቢሎን ተ ወስደ።
- 586 ቅ.ል.ክ የሩሳሌም ነደደት፡ እታ ሃገር'ውን ባደመት።

ውሽጣዊ ትንታነ
- ጭቆናን ዓመጽን ብዘይ ሕጊ ምኻድን ንይሁዳ መልኣ።
- እቶም ጻድቃን ተሳቐዮም፡ ባእስን ኣምልኾ ጣኦትን፡ ግሁድ ሓጢኣትን ጊኒ ኑ ነበረ።
- ግሁድ ርኽሰት አብ ይሁዳ ጊኒ ነበረ።
- ናይ ምንቕቃሕ ጽንና አብ ትሕቲ ዮስያስ ፈተነ ተገይሩ ነበረ።

III. ትንታኔ እታ መጽሓፍ

1. ጸድቅ ብእምነት እዩ ዚነብር

እታ ኣርእስታ "ጸድቅ ብእምነት እዩ ዚነብር" እትብል ጠቓሚ ሓሳባት ዝሓዘ ት እያ።

- ሓቅነት ናይ መለኮታዊ ስርዓት፡ መብዛሕትኡ ጊዜ እቲ ጸድቅ ካብቲ ሓ ጥእ ይሳቐ።
- ሓቅነት መቕጸዕቲ ሓጢኣት- ብክለዳውያን ወይ ካልእ።
- ሓቅነት እምነት፡ ግዴታ ህይወት ምዃኑ።

2. ትንታኔን ክፍሊታታን እታ መጽሓፍ

ሀ. ቀዳማይ

- ጸር ዘለም ጸሎት ኣንባቆም — ምዕ.1
- ምጽባይ ዘለም ጸሎት ኣንባቆም — ምዕ.2
- ዓወት ዘለዎ ጸሎት ኣንባቆም — ምዕ.3

ለ. ካልኣይ

- ትካዜ ኣንባቆም — (1፡2-4)
- ቀዳማይ ማልሲ እግዚኣብሄር — (1፡5-11)
- ሞራላዊ ግድል — (1፡12-17)
- ቅኑዕ መደብ — (2፡1)
- ካልኣይ መልሲ እግዚኣብሄር — (2፡2-4)
- ሓሙሽተ ዝተታሓዘ ወዮታት — (2፡5-20)
- ጥዑም ቃና፡ ናይ ምስጋና — (3፡1-19)

3. ነዚ ትምህርቲ

- ብእምነት መልሲ ኣምላኽ ምጽባይ ኣድላይ እዩ።
- ኣምላኽ ንናይ ሓቂ ደለይትን ሓተትን ብዘይ ምላሽ ኣይሓድግን እዩ።
- ገሊኡ ጸሎት ንጹር ትኽ ዝበለ ምላሽ ኣይረክብን እዩ።
- ኣምላኽ ኣብ ዝኾነ ይኹን ኵነታት ኪእመን ዝኽእል ኣምላኽ እዩ።
- ዕላማ ሃይማኖት ንዅሉ ዘጠራጥር ነገራት ምፍታሕ ዘይኮነስ ብኣምላኽ ርጉጽ ምኳን እዩ።
- ብዛዕባ ጥርጥር ዚመጸ፡ ኣምላኽ ገጽና ናብኡ ክንመልስን ንእኡ ክንጽበዮን እ ዩ ዚደልየና።

ትንቢት ጸፎንያስ
(መዓልቲ ጉይታ)

I. ድሕረ ባይታ እቲ ነብዪ

ትርጉም ስሙ

- ጸፎንያስ ማለት "እግዚኣብሄር ዝሓበአ ወይ ከኣ ዝሓለም" ማለት እዩ።

መግለጺ ስሙ ከኣሊ ተዛራባይ፡ ነብዪ ጥፍኣት።

ውለዶኡን ዓዱን

- ካብ ክቡራት ስድራቤት፡ ዘመድ ንጉሰ የስያስ ወዲ ወዱ ንህዝቅያስ እዩ ነይ ሩ።
- ኣብ የሩሳሌም ይቕመጥ ነበረ።
- ኣብ ብሉይ ኪዳን ብጀካኡ ክልተ ካልኦት ጸፎንያስ ከም ዘለዉ ንረክብ። (1ይ ዜና መዋ.3፡36, 1ይ ነገ.25፡18, ኤር 21፡1,37፡3)

ጠባዩ

- ትንኩፍ ባህርይ ነበሮ።
- ድንጋጸ ንድኻታትን፡ ኣንጸርነት ነቶም ሃብታማትን ርኹሳትን መራሕቲ ነበ ሮ።
- ናይ ስምዒትን ሓሳባትን ሰብኣይ።

ጊዜ ኣብ መንነ 639-608 ቅ.ል.ክ፡ ምናልባት ብ625 ቅ.ል.ክ

ቦታ ኣግልግሎቱ የሩሳሌም፡ ምኞማጡ እውን ኣብ የሩሳሌም ነበረ።

ኣጣቢብ ኣጸሓሕፍኡ

- ንጹርን ፡ ትኽ ዝበለን፡ ሓይሊ ዘለዎን።
- ግጥማዊ ኣይኮነን፡ ገና ግና ድራማዊ።

- ምንጽጻር ይጥቀም፡ ከም ኣብ መንጎ ሕያውነት ኣምላኽን ጭከናኡን።
- ንመግናሕትን ኩነኔን ይገልጽ።

መልእኽቲ
- ሃገራዊ ፡ ገና ግና ዓለምለኻዊ እዩ።
- ብመስርዕ ናይ ሓጸርቲ ምቁራት ዘረባ ዝተቓመመ እዩ።
- ምፍርራህን ድንጋጽን ናይ መለኮታዊ ፍቕርን የርኢ።
- ፍርድን ወዮን መዓልቲ ጐይታን ይገልጽ።
- ዕላምኡ ድማ ንይሁዳ፡ እታ ትመጽእ ፍርዲ ኣምላኽን ኣድላይነት ንስሓን ን ምርኣይ እዩ ኔሩ።

ሓጸር ትንታነ መልእኽቲ
- ፍርዲ ኣብ ልዕሊ ይሁዳ — ምዕ.1
- ፍርዲ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ሃገራት — ምዕ.2
- ፍርዲ ሓብ ልዕሊ የሩሳሌምን ተስፋ ናይ ምምላስን — ምዕ.3

ኣብ ግዚኡ ዝሸበሩ ነብያት፡ ዮስያስ

ኣብ ግዚኡ ዝሸበሩ ነብያት፡ ኤርምያስ (መትዓይይቱ ነበረ)

ኣብ ግዚኡ ዝተፈጸሙ ኩነታት፡
- ብ 612 ቅ.ል.ክ እቲ መጽሓፍ ሕጊ ተረኸበ።
- ዮስያስ ምምሕያሽ ይገብር።

ኣብ መልእኽቲ ጸብለል ዝበሉ ቃላት፡
- "መዓልቲ ጐይታ" 7 ጊዜ ተጠቒሱ።
- "ድለዩ" 3 ጊዜ ተጠቒሱ።
- "ጥፍኣት" 9 ጊዜ ተጠቒሱ።

ቀንዲ ቃል፡ ፍርድን ምምላስን ብመዓልቲ ጐይታ
ቀንዲ ጥቕሲ፡ (1፡14-15, 2፡3)

II. ኩነታት እቲ ዘመን

ፖለቲካዊ
- ባቢሎናውያን፡ ሜደስን ሰታውያንን በታ ሃገር ኣቢሎም ይግስግሱ ነበሩ።
- ናይ 77 ዓመት ርኽሰ መግዛእቲ ናይ ምናሴን ዓሞንን ኣብ መወዳእታ በጺሑ ነበረ።
- መንእሰይ ዮስያስ ቅድሚ ቅሩብ ጊዜ ኣብ ስልጣን ደየበ።

ሃይማኖታውን ሞራላውን
- ብምኽንያት ምናሴ ኣብቲ ሃገር ኣምልኾ ጣኦት ተዝርጊሑ ነበረ። ኣምልኾ በዓል፡ ምስናይ ርኽሰቱን፡ ሞሎኽ ምስናይ መስዋእቲ ቈልዑን፡ ኣምልኾ ናይ ጸሓይን ወርሕን ከዋኽብትን ገኒኑ ነበረ።
- እቲ ህዝብን መራሕትን ቤት ፍርድን ነብያትን ብሓፈሻኡ ኵሎም ዘምቢሎ ም ነበሩ።
- ምንቕቓሕን ምምሕያሽን ብዮስያስ ገና ኣብ ምልእቲ እታ ሃገር ኣይተበጽሑን ነበረ።
- ብጀካቲ ቅድሚ 70 ዓመት ኢሳይያስን ሚክያስን ዝነበሩ እንተዘይኮይኑ ኣብ ታ ሃገር ነብዪ ዘይነበረሉ እዋናት እዩ።
- ሰለስተ መንእሰያት ምንቕቓሕን ምምሕያሽን ንምምጻእ ብሓደ ተሰሊፎም ነ በሩ፡- ንጉስ ዮስያስን፡ ኤርምያስን ጸፎንያስን ከም ነብያት።

III. ትንታኔ እታ መጽሓፍ

1. ነዚ ትምህርታ
- ናይ ሓደ ሰብ እምነት ኣብ ኣምላኽ፡ ኣብ ጠባዩ ወሳኒ እዩ።
- ሰብ ከምቲ ዘምልኾ ኣምላኽ ኪኸውን ይጽዕር።
- ቕጥዓ ኣምላኽ፡ ኣብ ልዕሊ ሓጢኣት ሰብ፡ ኪወርድ ከሎ ዘስካሕክሕ እዩ።
- መዓልቲ ጐይታ ንኵሉ ዓሌት ዓለም እያ።
- መጠንቐቕታ ናብ ኣምላኽ ዘብጽሕ (ዘቕርብ) መስርሕ እዩ።
- እቶም ትሑታት ንኣምላኽ ዚደልይዎን፡ ኣብ ጊዜ ጥፍኣት መዕቆቢ ይረኽቡ።
- ኣገልገልቲ ኣምላኽ መንፈሳዊ ጠባያት ናይ መንግስቲ ኣምላኽ ኪነግሩ ኣለዎ ም።
- ዕላማ ኣምላኽ ብቀዳምነት ሕጎ ኪፈጺ ዘይኮነሉ፡ ከንጽሀን ከድሕንን እዩ።

2. ረቂቕ ትንቢት ጸፎንያስ

I. ኣርእስቲ	1፡1
II. ፍርዲ ኣብ ልዕሊ ይሁዳ	1፡2-18
• ምኽንያት እቲ ፍርዲ - ኣምልኾ ጣኦት	1፡2-6
• ተቐባልነት ናይቲ ፍርዲ - ገዛእቲ	1፡7-13
• መግለጺ እቲ ፍርዲ	1፡14-18
III. ፍርዲ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ሃገራት	2፡1-5
• ጽውዓ ንንስሓ	2፡1-3
• ፍርዲ ኣብ ልዕሊ ዝተፈላለያ ሃገራት	2፡4-15
• ፍልስጥኤም	2፡4-7
• ሞኣብን ኣሞንን	2፡8-11
• ኢትዮጵያ	2፡12
• ኣሶር	2፡13
IV. ፍርዲ ኣብ ልዕሊ የሩሳሌም	3፡1-8
V. ዓለም-ለኻዊ ምድሓን	3፡9-20

ትንቢት ሃጌ
(ነብዪ ምጽንናዕ)

I. ድሕረ ባይታ እቲ ነብዪ

ትርጉም ስሙ ሃጌ ማለት "ሕጉስ" ማለት እዩ። (በዓለይ፡ ጽምብለይ እውን ይትርጎም።

መግለጺ ስሙ
- ሰራሕ ቤት-መቕደስ።
- ነብዪ ምጽንናዕ።

ውለዶኡን ዓዱን
- ገሊኣም ኣብ የሩሳሌም ተወሊዱ ብ586 ቅ.ል.ክ ተማሪኹ ንባቢሎን ከይዱ ይብሉ።
- ገሊኣም ከኣ ኣብ ባቢሎን ተወሊዱ ናብ የሩሳሌም ጦበዝ ከሎ ተመሊሱ ይ ብሉ።
- ታሪኽ ኣቦታት፡ ካህን ከም ዝነበረ ይነግሩ።

ጠባዩ
- ነገራት ኣብ ምጥርናፍን ኣብ መፈጸምታ ንምብጻሕን ዓብዪ ክእለት ዝነበሮ ሰብ እዩ።
- ምዉቅ መንፈስን ዘስልጥ ህይወትን ነበሮ።
- ፍቕሪ ሃገር ዝነበሮ ኣይሁዳዊ፡ በዓል ሓደ ሓሳብ፡ ሓቀኛ፡ ከምኡውን ኪኢላ ተዛራባይ ነበረ።

ታሪኻዊ ህይወቱ
- ምስቶም ቀዳሞት ጉጅለ ብ536 ቅ.ል.ክ ካብ ምርኮ ዝተመልሱ እዩ።

- ቀዳማይ ነብዪ ካብቶም ድሕሪ ምርኮ ዝነበሩ ነብያት እዩ።
- ምስ ዘካርያስ ኮይኑ መዝ.111,125,126,137,145-148 ጸሒፉ ይበሃል።
- ንሱ ኣይጸሓፍን ግናኸ ኣብ ቤተ መቕደስ ክዝመር ዝገበረ ነብዪ እዩ ዝብሉ ውን ኣለዉ።

ጊዜ፡ 520 ቅ.ል.ክ

ቦታ ኣግልግሎቱ፡ የሩሳሌም፡ ምቕማጡ እውን ኣብ የሩሳሌም ነበረ።

ኣገባብ ኣጸሓሕፍኡ፡
- ንጹርን፡ ቀሊልን፡ ብርቱዕን።
- መጠንቀቕታ፡ ማዕዳ፡ ምብርታዕ፡ ሕቶታትን ይጥቀም።
- ተግባራዊት መጽሓፍ እያ።

መልእኽቲኡ፡
- ኣርባዕተ ዝተፈላለየ ኣብ መንነ መስከረምን ታሕሳስን እተዋህበ መልእኽቲ እዩ። (1፡1, 2፡1, 2፡10, 2፡20)
- ንውልቅን ንሃገርን ዘርኢ መልእኽቲ ኣለዎ።
- ዋና መልእኽቲኡ፡ ምስራሕ ቤት መቕደስ እዩ።
- መልእኽቲኡ ከም ኣብ ማቴ. 6፡33 "ቅድም መንግስቲ ኣምላኽን ጽድቁን ድለዩ፡ እዚ ኹሉ ድማ ይውሰኽልኩም" ዘሎዎ ሓሳብ እዩ።
- በርትዑ፡ ስርሑ ዝብል መልእኽቲ ኣለዎ።

ሓጺር ትንታነ መልእኽቲኡ
- 1፡1-15- ቃል መግናሕቲ - ኪሰርሑ ይገብሮም
- 2፡1-9- ቃል ምትብባዕ - ኪብርትዑ ይገብሮም
- 2፡10-19 ቃል ብድሆ - ንኽሓስቡ ይገብሮም
- 2፡20-23 - ቃል ተስፋ - ኪኣምኑ ይገብሮም

ኣብ ግዚኡ ዝነበሩ ነገስታት፡ የሰያስ
- ዘሩባቤል፡ ኣብቲ ሃገር ምስለኔ ነበረ። 1፡1
- እያሱ ወዲ ይሆጻድቅ ሊቀ ካህናት ነበረ።
- ኣብዚ ጊዜ እዚ ዝነበረ ንጉስ ፋርስ፡ ዳርዮስ ቀዳማዊ እዩ። ካብ 522-486 ቅ.ል.ክ። እዚ ጊዜ እዚ ኣብ ካልኣይ ዓመት ግዝኣቱ ነበረ። ኣብዚ ጊዜ እዚ ብዙሕ ምልዕዓል ናይ ሰውራ ኣብ በብዓዱ ዝጀመረሉ እዋን ይመስል ዘ ብሉ ኣለዉ።

ኣብ ግዚኡ ዝተፈጸሙ ኩነታት፡
- ካብ 522-521 ዕግርግር ኣብ መንግስቲ ፋርስ (ፐርሽያ)
- ካብ 520-516 ምህናጽ እታ ቤት መቕደስ።

ኣብ መልእኽቲኡ ጸብለል ዝበላ ቃላት፡
- "በርትዑ" 3 ጊዜ ተጠቒሳ።

- "ስርሑ" 3 ጊዜ ተጠቒሳ።
- "ሕሰቡ" 5 ጊዜ ተጠቒሳ።

ቀንዲ ቃል፡ ምህናጽ ቤት ኣምላኽ

ቀንዲ ጥቕሲ፡ (1፡7-8, 2፡7-9)

II. ዝኾነታት እቲ ዘመን

ፖለቲካን ቁጠባውን
- ብ536 ቅ.ል.ክ 42,360 ኣይሁድ፡ ብዘሩባቤል እቲ ምስለነን ብእያሱ እቲ ሊ ቀ ካህንን ተመሪሑም ካብ ምርኮ ናብ የሩሳሌም ተመልሱ።
- ብምኽንያት መቕትልቲ ካብምፒሰስ (Campises 522 ቅ.ል.ክ) ዓቢዪ ዕግር ግር ኣብ መንግስቲ ፋርስ ተሳዒሉ ነበረ። ሰልደሲ መረደኡ ዝፋን መንዚው ወ ሲዱ ንሾብዓተ ወርሒ ገዝኡ። ደሓር ግና ዳርዮስ ንጋ ክፍለ ሃገራት ኣብ ት ሕቲ ቀኖጽሩ ስለ ዘእተወን መንግስቲ ፋርስ ጸንዐት።
- ደርቅን ዋሕዲ እኽልን ኣብ ይሁዳ ነበረ።

ሃይማኖታውን ሞራላውን
- ብ536 ቅ.ል.ክ ፡ ኣይሁድ ነታ ቤት መቕደስ ኪሰርሕዋ ጀመሩ። እንተኾነ ግ ና ብጻዕሪ ናይቲ ዕዮን በቲ ካብ ሳምራውያን ዝመጸ ተጻይነትን ንግዚኡ ካብ ምዕያይ ኣቋረጹ። ንንብስ ቂሮስ ሽዓ ሞተ። እቲ ሂብምም ዝነበረ ተስፋ ናይ ሓ ጉስ ስለ ዘቋረጸ ድማ ንምህናጽ ቤተ መቕደስ ሽግር ኩኖም።
- ኣይሁድ ንቤት እግዚኣብሄር ረሲየም ኣብ ኣባይቶም ምህናጽ ጥራይ ዝበለጸ ኣድሂቦም ነበሩ።
- እቶም ህዝቢ ብሞራል ኮነ ብመንፈሳዊ ኩነታቶም ኣዝዮም ረኺሶም ነበሩ።
- ብ520 ሃጌ ነቶም ህዝቢ - ቤት መቕደስ እንደገና ኪሰርሕዎ የተባብየም። እ ቲ ዕዮ ድማ ብ516 ቅ.ል.ክ ተፈጸመ። ካብ 15-16 ዓመት፡ ኣብ መንነ ብዛዕ ባ ስራሕ ቤት መቕደስ ዝተገብረ ነገር የልቦን።

III. ትንታኔ እታ መጽሓፍ

1. ነባሪ ጥቕሚ ዘለዎ ትምህርቲ

- ብርቱዕ ሓላፍነት ብትብዓትን ብዘይ ምድንጓይን ኪፍጸም ኣለዎ።
- ብርቱዕ መጸዋዕታን ሓላፍነትካ ምፍጻምን መድሃኒት ልቢ እዩ።
- ካብ ኣምላኽ ዝተዋህበ መልእኽቲ ናብ ተግባር ይመርሕ።
- ኣብ ጽቡቕ ኣባይትኻ እናተቕመጥካ ቤት ኣምላኽ ኪዓኑ በደል እዩ።
- እንተድኣ ሲጋዊ ሓሳባትና ንቤት ኣምላኽ፡ ንስግደትና ካብ ኣእምሮና ዝሓኸ ክይ ኑ፡ ሃብትና ንዓቢዪ ነገር ከነጥፍኦ እዩ ዝገብረና ማለት እዩ።
- ንቀዳማይ ዝኾነ ነገር ቀዳማይ ቦታ ክንህብ ክንምሃር ይግባእ።
- ናይ ሓቂ መመርመሪ ክእለትና፡ ዘረባናን ቃላትናን እንተድኣ ኣብ ግብሪ

ዝመርሕን ወይስ ዘይመርሕን ኮይኑ እዩ።
- ፍጹም ምእዛዝ ንኣምላኹ፡ ናብ ኣምላኽ ከብጽሓካ ዝኽእል ወሳኒ ስጉምቲ እዩ።
- ብዛዕባ ዝሓለፈ ምሕዛን ሓደገኛ ነገር እዩ።

2. ረቂቕ ትንቢት ሚልኪ

I. 1ይቲ መልእኽቲ፡ ቃል ምሕጽንታን መግናሕትን
ጽዋዓ ንምዕያይን። (ሓደ መስከረም) 1፡1
- ምኽንያት ምድንጓይ 1፡1-4
- ምሕጽንታ መገድኻ ንምሕሳብ 1፡5-7
- ምሕጽንታ ንምህናጽ 1፡8
- መንቀሊ ተጀውሞ 1፡9-11

II. ምላሽ እቲ ህዝቢ ንምዕያይ 1፡12-15

III. 2ይቲ መልእኽቲ፡ ቃል ምትብባዕን
ጽዋዓ ንምትባዕን (21 ጥቅምቲ) 2፡1-9
- ምንጽጻር እተን ክልተ ቤተ መቕደስ 2፡1-3
- ምሕጽንታ ንምጽናዕ 2፡4-5
- እታ እትመጽእ ቤተ መቕደስን ክብራን 2፡6-9

IV. 3ይቲ መልእኽቲ -ቃል ምሕጽንታን
ጽውዓ ንንሰሓን (ታሕሳስ 24) 2፡10-19
- ሕቶ ንካህናት 2፡10-14
- ኮነታትኩም ሕሰቡ 2፡15-17
- ተሰፋ በረኸት 2፡18-19

V. 4ይቲ መልእኽቲ - ቃል ተስፋ ንዘሩባቤል
(ታሕሳስ 24) 2፡20-23

ካልኣይ ረቂቕ ትንቢት ሚልኪ

1. ምድላው ንምንቕቓሕ 1፡1-1
2. ኣድላይ ነገራት ንምንቕቓሕ 1፡12-15
3. ተስፋ ምንቕቓሕ 2፡1-9
4. ዕንቅፋት ንምቕቓሕ 2፡10-19
5. መጻኢ መደብ ንምንቕቓሕ 2፡20-23

ትንቢት ዘካርያስ

I. ድሕረ ባይታ እቲ ነብዪ

ትርጉም ስሙ ዘካርያስ ማለት "እግዚኣብሄር ዝዘከሮ" ማለት እዩ።

ውለዶኡን ዓዱን

ኣብ (1፡1,7) ዘካርያስ ወዲ በረክያ ወዲ ወዱ ንዒዶ ምኟኑ ይሕብረና። ካብ ቶም ካብ ምርኮ ባቢሎን ናብ የሩሳሌም ዝተመልሱ መራሕት ካህናት ሓደ ነበረ (ነህ. 12፡1-4)። ካብ (እዝራ 5፡1, 6፡14) ዘካርያስ ውዲ ዒዶ ምብሉ በረክያ ኣቦ ዘካርያስ ቀልጢፉ ዝሞተ ይመስል። በዚ ከኣ እዩ ኣብ ክንዲ ኣቦኡ ከህናት ካብ ዒዶ ኣባሓጉኡ ናብኡ ዝሰገረ። (ነህ. 12፡12-16) ካህንን ነብዪን ዝነበረ ይመስል።

ስርሑ፡ ካህንን ነብዪን ነይሩ። (ነህ 12፡16) ዘካርያስ ድሕሪ 2 ወርሒ ድሕሪ ሃጌ መስታ መገላግልቱ ስርሑ ጀመረ። (1፡1, ሃጌ. 1፡1) ከምኡውን እያሱ ውዲ ይሆ ጻድቕ እቲ ሊቀ ካህንን፡ ዘሩባቤል እቲ ምስለኔ ምስኡ ነበሩ።

ጊዜ፡ ካብ 520 ሕዳር ቅ.ል.ክ - 518 ታሕሳስ ቅ.ል.ክ.

ቦታ ኣግልግሎቱ፡ የሩሳሌም፡ ምቕማጡውን ኣብ የሩሳሌም ነበረ።

ኣንባብ ኣደሓሕፍኡ፡ ንምትርጓም ብርትዕ ዝበለት መጽሓፍ እያ። ኣይሁድን ተንተንቲ ጽሑፋትን ክርስትያናት ተንተንቲ ጽሑፋትን ንምትርጓሙ ኣዝዩ ክቢዱ ይርኣዮም።

መልእኽቱ
- ምድላው እስራኤል ንመሲሀን ንመዓልቲ ጐይታን

ቀንዲ ቃል፡ ምድላው ንምጽኣት መሲህ
ቀንዲ ጥቕሲ፡ (8፡3, 9፡9)

II. ዝኾነታት እቲ ዘመን

ፖለቲካን ቁጠባውን

- ብ536 ቅ.ል.ክ 42,360 ኣይሁድ፡ ብዘሩባቤል እቲ ምስለነ ተመራሒም ናብ ዓዶም ናብ የሩሳሌም ተመልሱ። ብትሕዝቶ፡ እግሪ ክተኽሉ ስለ ዝነብሮም ብ ዙሕ እንጽበዮ ቁጠባዊ ትሕዝቶ የልቦንን። ብፖለቲካዊ ኩነታቶም ኣብ ትሕቲ መንግቲ ፋርስ ከይኑ ኣብ ከባቢኦም ዝነበሩ ሃገራት ግና ምዕባለ ሃገረ እስራኤ ል ስለዘየሓሳሶም ጽቡቕ ኣይሃብዎምን።

ሃይማኖታውን ሞራላውን

- ብ536 ቅ.ል.ክ ፡ ኣይሁድ ናብ ሃገሮም ምስ ተመልሱ ነታ ትምክሕቶም ዝ ኾነት ቤት መቕደስ ብኡ ብኡ ኪሰርሕዋ ጀመሩ። ዘካርያስ ከኣ ምስ ሃጌ ብምኟን ነቲ ህዝቢ የባራትዕዎ ነበሩ።

III. ትንቃሄ እታ መጽሐፍ

ብኣይሁድ ይኹን ብክርስትያናት ተንተንቲ ጽሑፋት ንምትርጓም ብርትዕ ዝበለት መጽሐፍ እያ።

1. ኣብ ሰለስተ እዋናት እተዋህበ ንኡር መልእኽትታት (ምዕ. 1-8)

ሀ. 1፡1-6 መእተዊ ኣብ ጊዜ ካልኣይ ዓመት ግዝኣት ዳርዮስ (520ቅ.ል.ክ
ለ. 1፡7-6፡15 ሽሞንተ ራእይታት ናይ ምትብባዕ (ጊዜ- ሃጌ 2፡18- ዘካ1፡7)

1) ሰማያዊ ሓልዮት ዘለምም ልኡኻት (1፡7-17) ሓልዮት ኣምላኽ ኣብ ህዝቡ የር ኢ። "ቤተይ ክትህነጽ እያ።" ጥ.16
2) እቶም ኣርባዕተ ኣቕርንትን ኣርባዕተ ሰራሕቲ ሓጺንን (1፡18-21) ነቶም ኣርባ ዕተ ሓይልታት ንይሁዳ ዝበተኑ ብእግዚኣብሄር ኣርባዕተ ሓይልታት መቕደ ስ ክሰርሑ ገለ ተጻይነት ከምዘይህሉ የመልክት።
3) ገመድ መለኽዒ ዝሓዘ ሰብኣይ (ምዕ.2)
   - እግዚኣብሄር ከብዝሑምን ከክላኽለሎምን ኣብ መንጎኡም (ኣብ ማእከል የሩሳ ሌም) ከም ዝነብር ይእውጅ። ኣብ ልዕሊኡም ብምትንባእ፡ ከም ዚጠፍኡ የ መልክት። ነታ ቤት እቲ ቕድሪ ህዝቢ ክሳዕ ብዘይ መካበብያ ዝነብር ልዕ ል ይብል።
   - ክብሪ እግዚኣብሄር ኣብ ማእከሎም ስለ ዝኾነ መካበብያ ኣእማን ኣየድልዮ ምንኡ።
4) እያሱ እቲ ሊቀ ካህን (3፡1-10)
   - እያሱ ምስ ረሳሕ ክዳውንቱ ምልክት (ወካሊ) ናይቲ ህዝቢ ምኻኑ የርኢ።
   - ኣብ መወዳእታ ከኣ ይቕሬታ፡ ምንጻህ፡ ምቅባእ፡ ብጽሩይ ኣልባስ ምቕያ ም ይርኢ ፡ እዚ ምልክት ናይቲ መሲህ እዩ፡ ዚብሉ ኣለዉ ገሊኦም ከኣ ኣበሳ

ምርሓቕ እታ ሃገር እዩ ይብሉ።
5) ወርቃዊ ቀዋሚ ቀንዲልን ክልተ ኣውሊዕ እንዳ ዘይትን (ምዕ. 4)
   - ንዘሩባቤል ከጸናንዕ ዝተዋህበ ራእይ እዩ።
   - ዘሩባቤል እቲ ናይ ሓቂ ቅቡእ መስፍን ብመንፈስ ኣምላኽ ተመሪሑ ስርሑ የሳልጥ ነበረ።
   - እተን ክልተ - ንክልቲኦም ንእያሱ ሊቀ ካህናትን ንዘሩባቤል ምስለነን የመ ልክታ። (ጥ.14)
   - መቕደስ ኣምላኽ ብዘይጠፍእ ብርሃን ይበርህ። ብሓይሊ ክእለት ዘይኮነ ብ መንፈስ ኣምላኽ። (ጥ.6)
6) እትነፍር ጥቕልቲ መጽሓፍ ። (5፡1-4)
   - ኣስራኤል ቅድሚ በረኽት ምቕባሎም ኪጸርዩን ኪነጽሁን ይግባእ።
   - መርገም ኣብ ልዕሊ ረሲኣንን ጥፍኣቶምን
7) እቲ ኤፋ (5፡5-11) ርኽሰት ከም ሰብኣውን እንደገና ከም ክሳዕ ምድሪ ሲንኣር ዝግዕዝን የመልክት። ትምህርቱ፡ ቤት መቕደስ ኪትሃነጽ ከላ ሓጢያት ካብታ ሃገር ኣዝዩ ከም ዚጠንን ይዛረብ።
8) ኣርባዕተ ሰረገላታት (6፡1-8) ሓለዋ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ህዝቡን ቅዱስ መቕደ ሱን (ነታ ኩተማ)። እዘን ራእያት እዚኣተን ብስእሊ ድፍኣተ ዘውዲ ይስዕባ። (6፡9-15) እያሱ ሊቀ ካህን ምልክት ናይቲ ጨንፈር ንጉስ ዝኾነ መሲህ፡ ዘውዲ ይደፍእ። ኣብ ብሉይ ኪዳን እቲ ዝበለጸ መርኣያ እቲ መሲህ የመልክት።
9) ምዕራፋት 7-8 ዘካርያስ ነቲ ኣብ ታስዓይ ወርሒ ኣብ መበል ራብዓይ ዓመት ግዝኣት ንጉስ ዳርዮስ ብ518 ቅ.ል.ክ ዝተዋህበ ጽውዓ ጸም ቤትኤል ምላሽ ይ ህበሉ። ካብ ውድቀት የሩሳሌም ብ586 ቅ.ል.ክ ኣትሒዞም ኣይሁድ ኣብተን ኣርባዕተ ዓበይቲ ፍጻሜታታ ታሪኽም ንምኽባር ጸም ተለማሚዶም ነበሩ።
   - ነቡካድናጻር ንየሩሳሌም ናብ ባቢሎን ብራብዓይ ወርሒ ምስ ወሰዶም። (ኤር 52፡6)
   - እታ ቤት መቕደስ ኣብ ሓሙሻይ ወርሒ ምስ ነደደት። (ኤር. 52፡12)
   - ገዳልያ እቲ ኣማሓዳሪ ኣብ ሳብዓይ ወርሒ ምስ ተቕትለ። (ኤር 41፡1,2)
   - ኣብ ዓስራይ ወርሒ ምኽባብ የሩሳሌም ምስ ተጀመረ። (2ነገ. 25፡1)

እቲ ነብዪ ነቲ ጽውዓ ንጸም ቤትኤል ክምልስ እንከሎ፡ ጸም እስራኤል ኣ ብ ክንዲ ጸም በዓላት ምኽባር ኪኸውን እዩ። "እቲ ጸም ናይ ራብዓይ ወር ሕን እቲ ጸም ናይ ሓምሳይን እቲ ጸም ናይ ሳብዓይን እቲ ጸም ናይ ዓስራ ይ ወርሕንሲ ንቤት ይሁዳ ሓጕስን ደስታን ባህ ዜብል በዓላት ዓመትን ኪኾ ነሎም እዩ።' 8፡19 ነዚ በዓላት ከኣ ካልኦት ሃገራት ኪሕወስዎ ምኟኖም ይገ ልጽ። (ዘካ 8፡18-23)

2. ተስፋ ናይ ሓድሽ ኣምላኻዊ ስርዓተ መንግስቲ (ምዕ. 9-11)

ብጠቕላላ ኣብዚ ክፍሊ እዚ ብዛዕባ እታ ኪነብርዋ ዘለዎም ምድሪ፡ ብዛዕባ ካብ ምር ኮ ምምላሶም፡ ዓወት ኣብ ልዕሊ ሓይልታት መንግስቲ ዓለምን ድሕሪ ምዝራቡ ብ ናይ ምስላ ፍርዲ ገይሩ፡ እስራኤል ንኣምላኽ ምንጻጋ ይዓጽዎ። ብፍላይ ኣብ 9ይ

ምዕ. ይሁዳን ኤፍሬምን ከም ዚምለሱን ከም ዚሓብሩን አብ ልዕሊ ጸላእቶም ከኣ ከ
ም ዚዕወቱን ይትበፈጢ።አብ 10ᵉ ምዕራፍ እስራኤል ብምኽንያት ምንጻግ ጉስነት ኣ
ምላኽ ትቕጸዕ።

3. ዓወት ናይታ ሓዳስ ኣምላኻዊት መንግስትን እታ እትመጽእ መላኺቲ ጉይ ታን (ምዕ. 12-14)

እዚ ክፍሊ ጽሑፍ እዚ ብዛዕባ ስነ-ክልኣይ ምጽኣት ብሰለስተ ንጹራት ነገራት ብ
ስእላዊ መገዲ ይገልጸ።

- አብ ምዕ. 12 የሩሳሌም ብጸላእታ ከም እትኽበብን ብምምንጋው (ጣልቃ ም
እታው) ናይ ኣምላኻ ግና ከም ትድሕን ይዛረብ።
- አብ ምዕ. 13 እቶም ተረፍ እስራኤላውያን ዝጸረዩ ዝነጽሁን ከም ዝድሕኑ።
- አብ ምዕ. 14 ምጽኣት እቲ መሲሀን መንግስቱን።

ትንቢት ሚልኪያስ
(ነብዪ መግናሕቲ)

I. ድሕረ ባይታ እቲ ነብዪ

ትርጉም ስሙ ሚልኪያስ ማለት "ልኡኽይ" ማለት እዩ።

መግለጺ ስሙ ናይ መግናሕቲ ነብዪ።

ውሲዶኡን ዓዱን እንፈልጦ ብጣዕሚ ውሑድ'ዩ

ጠባዩ

- ብርቱዕ፡ ቁራጽ፡ ነብዪ ነበረ።
- ገንሓይ ነብዪ።
- አብ መወዳእታ ምዕራብ ጸሓይ ናይ ትንቢት እስራኤል ተገልጸ።
- ንቤት ክህነት ምግንሑ ናይቲ እዋኑ መንፈሳዊ ጅግና ተባሂሉ ይጽዋዕ።

ታሪኻዊ ህይወቱ

- ገለ ጸሓፍቲ ስሙ ሚልክያስ ኣይኮነን፡ በቲ ትሕዝቶ እታ መጽሓፍ ግና ሚል
ኪያስ ተባሂሉ ይጽዋዕ ይብሉ።
- አብ እብራይስጢ ብምኽንያት (3፡1) ሉኡኽይ ማለት ሚልክያስ ኢሎም ይ
ትርጉምዎ።
- ገሊኦም ጸሓፍቲ ከኣ እዝራ፡ ዘሩባቤል ከምኡውን ነህምያ ከይኮኑ ኣይተርፉን
እቶም ጸሓፍቲ ዚብል ርእይቶውን ኣሎ፡
- ውልቃዊ ታሪኹ - ካብቶም ኣባላት ናይ እዝራ ምምሕዳር ቤት መቕደስ ዘ
ቕመ ከይኮነ ኣይተርፍን።

ጊዜ 445-432 ቅ.ል.ክ

ቦታ ኣግልግሎቱ የሩሳሌም

ኣገባብ ኣጸሓሕፋኡ፡
- ካብ ሰባኺ ዝያዳ መምህር እዩ ይበሃል።
- ሕቶ ይሓትት እሞ ነቲ ሕቶ ከኣ ቅኑዕ መልሱ ባዕሉ ይምልስ።
- ነቲ መልእኽቱ መመሊሱ ክሳዕ ዚርድኣም ይደጋግሞ።
- ምሕጽንታን ክስን የቕርብ። እቲ ህዝቢ ከኣ ይምልስ። ኣብ መወዳእታ ከኣ መንነኛ ኣፍራሲ ኮይኑ ይርከብ። እቲ ቅኑዕ መልሲ ድማ ይህብ።

መልእኽቱ
- ዘይተኣማንነት ናይቶም ካብ ምርኮ እተመልሱ
- ዕላማኡ፡
  - ፍቕሪ ኣምላኽ ንህዝቡ - ኣንጻሩ እናበደሉ
  - ናይ መወዳእታ መልእኽቲ ኣምላኽ ንህዝቡ (ብዛዕባ ፍቕሪ)

ሓጺር ትንታነ መልእኽቱ
- ሓጢኣት ካህናትን ህዝብን (ምዕ.1-2)
- ፍርድን በረኽትን (ምዕ.3-4)

ኣብ ግዚኡ ዝነበሩ ነብያታት፡ ዮስያስ
- ዘሩባቤል፡ ኣብቲ ሃገር ምስለኔ ነበረ 1፡1
- እያሱ ወዲ ይሆጻድቅ ሊቀ ካህናት ነበረ።
- ኣብዚ ጊዜ እዚ ዝነበረ ንጉስ ፋርስ (ፐርሽያ)፡ ዳርዮስ ቀዳማዊ እዩ። ካብ 522-486 ቅ.ል.ክ። እዚ ጊዜ እዚ ኣብ ካልኣይ ዓመት ግዝኣቱ ነበረ። ኣብዚ ጊዜ እዚ ብዙሕ ምልዕዓል ናይ ሰውራ ኣብ በብዓዱ ዝጀመረሉ እዋን ይመስ ል ዚብሉ ኣለዉ።

ኣብ ግዚኡ ዝተፈጸሙ ኩነታት፡
- ግዝኣት ፋርስ ኣብ ውድቀት ዝኸደሉ ጊዜ እዩ
- ንጉስ ኣሕሸዋርስ ንጉስ ፋርስ ነይሩ።
- እዝራን ነህምያን ዝነበሩሉ ጊዜ እዩ።
- መንግስቲ ግሪኽ ኣብ ምትንሳእ ነይራ።
- የሩሳሌም ተሃኒጻ ነይራ።
- ብ490 ቅ.ል.ክ ግሪኽ ኣብ ማራቶን ንፋርስ ሲዓራቶም ነበረት።
- 480 ቅ.ል.ክ ውግእ ሳላሚስ- መራከብ ፋርስ ካብ ስራሕ ወጻኢ ኮይነን።
- 470 ቅ.ል.ክ ሶቅራጥስ ተወሊዱ። ናይ ምርምር እዋን ነይሩ።

ኣብ መልእኽቱ ጸብለል ዝበሉ ቃላት፡
- "ብምንታይ እሞ" 6 ጊዜ ተጠቒሱ።
- "ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት" 24 ጊዜ ተጠቒሱ።

ቀንዲ ቃል፡ ሕቶ ናብ ድሕሪት ንዝተመልሱ
ቀንዲ ጥቕሲ፡ (2፡17-3፡1, 4፡5-6)

II. ዝነጥሮ እቲ ዘመን

ፖለቲካን ቁጠባውን
- መንግስቲ ፋርስ ኣብ ምውዳቕ፡ መንግስቲ ግሪኽ ከኣ ኣብ ምትንሳእ ነበረ ት።
- ነህምያ፡ እዝራ፡ ዘሩባቤል ኣካየድቲ እታ ሃገር ነበሩ።
- ብምኽንያት ኣንበጣ ዓብይ ጉድኣት ናይ ቁጠባ ነይሩ።

ሃይማኖታውን ሞራላውን
- ካብ ጣኣት ዝደሓኑ ህዝቢ ነይሮም። ግናኸ ምንጻግ ንቃል ኣምላኽ ገና ኣይ ሓደጉን።
- ካህናት ዘይግደሱን ዝተባላሸውን ነበሩ። (1፡6-14)
- ንመስዋኣቲ ሕሱር ዝኾነ ነገራት የቕርቡ። (1፡7)
- ምኽፋል ዕሽር ኣቋሪጹ ነበረ። (3፡8)
- ፍትሕን ደቂ ጓና ምእታውን ልሙድ ነበረ። (2፡11)
- ደጋውን ቅርጻውን ዝኾነ ሃይማኖት ነጊሱ ነይሩ።
- ሓፈሻዊ ናብራ እቲ ህዝቢ ምስ ካህናት
  - ፍቕሪ ኣምላኽ ዝረስዔ ህዝቢ 1፡2
  - ፍርሃት ንኣምላኽ ዘይብሉ ህዝቢ 1፡6
  - ንዕቀት ንኣምላኽ ዝነበሮ ህዝቢ 1፡6
  - ስም ኣምላኽ ዘርከሰ ህዝቢ 1፡12
  - ካብ መገዲ ኣምላኽ ዘልገሱ ህዝቢ 2፡8
  - መዳለውቲ ህዝቢ 2፡14
  - ጠለምቲ ህዝቢ 2፡17
  - ሰረቕቲ ህዝቢ 3፡8
  - ዕቡያት ህዝቢ 3፡15

III. ትንታኔ እታ መጽሓፍ

1. ትምህርቲ ብዛዕባ ኣምላኽ

• ኣምላኽ ናይ ፍቕሪ ኣምላኽ እዩ።	1፡1-2
• ኣምላኽ ናይ ፍርዲ ኣምላኽ እዩ።	1፡4
• ኣምላኽ ፍርሃትን ክብረትን ዚሓትት እዩ።	1፡6
• ኣምላኽ ዓቢይ ንጉስ እዩ።	1፡14
• ኣምላኽ ኣቦ ኩሉ እዩ።	2፡10
• ኣምላኽ ከም ኩላዒ ሓዊ ከም ሓጻቢ እዩ።	3፡2
• ኣምላኽ ዘይልወጥ እዩ።	3፡6

2. ነባሪ ጥቕሚ ዘለዎ ትምህርቲ

- ዝለዓለ ሞራላውን ማሕበራውን ናብራ ካባና ይደሊ።
- መንፈሳዊነት ዘይብሉ ስርዓት ሃይማኖት ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ፍንፉን እዩ።

- ግቡእ ምሃብ (መስዋእቲ) ቦታ በረኽት ኣለዎ። እቲ ቦታ ኣብ ቤት ኣምላኹ እቲ በረኽት ንዓና፡ እቲ እንሀቦ ሀያብ ዕሸርና።
- መንፈሳዊ ኮነታትና ብናይ ምሃብና መንፈስ፡ ኪምዘን ይከኣል እዩ። ስለዚ ነቶም ሰባት ሰረቅቲ መበሊኡ ዕሸሮም ዘይከፍሉ ስለ ዝነበሩ እዩ።
- ኣምላኽ ሕጉስ ንጹህ ቤት እዩ ዚፈቱ። (2:10-16)
- ደቂ ኣምላኽ ንቤት ኣምላኽ ዚቕንኡ ኪኾኑ ይግባእ። (ቅንኣት ቤትካ በልዓኒ)
- ዘይምዕጋስ ናብ ንኣምላኽ ምጽራር የብጽሕ።
- ኣብ ሓጢኣት ዚነብር ብኽቡር መስዋእቱ ንኣምላኽ ኬሕጉስ ኣይክእልን እዩ።
- ዘይምግዳስ ቀዳማይ ሰጕምቲ ንውድቀት እዩ።
- እቲ ኣገልጋሊ ኣምላኽ ካብ ምጽናዕን ካብ ምምሃር ንሓቅን ንሞራላዊ ነገርን ም ስ ዚቐጠብ ህዝቡ ይሳቐ።

12.ኣብ መንጎ ብሉይን ሓድሽን ኪዳን ዘሎ ዘመን

እቲ ኣብ መንጎ ብሉይ ኪዳንን ሓድሽ ኪዳንን ዝነበረ ዘበን ብክልተ በበይኑ ዝኾነ መገዲ ክንገልጾ ዝከኣል እዩ። እቲ ቀዳማይ ብዓይኒ ጽሑፋት ምትሕዛም፡ ካብ ሚልክያስ ክሳዕ ማቴዎስ ዘሎ ጊዜ ወይ ከኣ መጨረሽታ ናይ ብሉይ ኪዳንን መጀመርታ ናይ ሓድሽ ኪዳንን ኪበሃል ከሎ እቲ ካልኣይ መግለጺኡ ድማ እተን እግዚኣብሄር ንመንግስቲ እስራኤል ከይተዛረበን መራሕነቱ ከይሃበን ዝሓለፈን 400 ዓመት ወይ ድማ ናይ ጸልማት ዘበን ዚበሃላ እየን።

ብፖለቲካዊ መዳይ ነዚ ጊዜ እዚ ክንትንትኖ ከሎና ድማ ኣርባዕተ ወቕቲ መንግስታት ዓለም ክንምልከት ይከኣል።

1. ዘመነ መንግስቲ ፋርስ 430-332 ቅ.ል.ክ
   - ናይ ሓደ ሚእቲ ዓመት ሓያል መንግስቲ ዓለም ነበረት።
   - ይሁዳ ኣብዚ ጊዜ እዚ ካብ ኣውራጃታት ፋርስ ሓንቲ ነበረት።
2. ዘመነ መንግስቲ ግሪኽ 331-167 ቅ.ል.ክ
   - ኣለክሳንደር ዓብዪ ንመንግስቲ ፋርስ ኣንበርኪኹ ርሑቅ ምብራኾ ኣብ ትሕቲ ግዝኣቱ ገበሮ። ድሕሪ ሞቱ (ድሕሪ ሓደር ጊዜ ግዝኣቱ ኣብ 323 ቅ.ል.ክ ሞተ) እታ መንግስቲ ኣብ ትሕቲ ኣርባዕተ ጀነራላቱ ተመቕለት። ኣይሁድ ከኣ ኣብ ትሕቲ ምልኪ ናይ ግብጺ ክሳዕ 198 ቅ.ል.ክ ኣቢላ ነበረት። ብፕቶለሚስ ዝፍለጡ ነገስታት ግሪኽ ኣብ ግብጺ ኣብ ልዕሊ ኣይሁድ ዝነበሮም ኣረኣእያ ኣዝዩ ጽቡቕ ነበረ። ብጊዜኣም፡ ኣይሁድ ኣብ ኣለክሳንድርያ ናይ ግብጺ፡ ኣባይቲ ጸሎቶም ክካይዱ ዝዓበየ ዕድል ነበሮም። ኣይሁድ ከኣ ሕጉሳትን ሰላም ዝመልኡምን ነበሩ።

- አንቲጳስ 4ይ ብአሊፋኖስ ዝፍለጥ ካብ ነገስታት ሶርያ ብ 175-164 ቅ.ል.ክ አብ አይሁድ ዝነበር አመላኻኸታ መስፈሪ ዘይነበሮ ጭካ እዩ። ንአይሁድን ሃይማኖቶምን ፈጺሙ ከጥፍኦም ወሰነ። ብ 168 ቅ.ል.ክ ንየሩሳሌም አዕነዎ። ኑቲ መቕደስ አብቲ መሰውኢ አንስተይቲ ሓሰማ ብምስዋእ አርከሰ። ናይ ኽቢተር መሰውኢ ተኸለ። አምልኾ አብ መቕደስ ከልከለ። ግዝረት ከልከለ። ንአሽሓት አይሁድ ቤተ ሰብ ንባርነት ሸጠ። ኪርከቡ ዚግብኦም ጽሑፋት አብረሰ። ቅዳሕ እቶም ጽሑፋት ወኒኑ ዝተረኸበ ብማሕረዲ አጥፍኦም። እዝን ወዲ ከምዝን ደማ ናብ ሰውራ መቃኣባውያን አለዓለ።

3. ዘመነ ናጽነት (ዘመነ መቃኣባውያን ወይ ኣስሞናውያን) 167-63 ቅ.ል.ክ
- እዚ ወቕቲ እዚ ከም አብ ሳዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ወቕቲ መቃኣባውያን ወይ ኣስሞናውያን ተባሂሉውን ክጽዋዕ ይከኣል። ማታትያስ ዝተባህለ ካህን፣ ብርኽሰት ናይ አንቲጳስ ኣሊፍኖስ ተላዒሉ ምስ ሓሙሽተ ደቁ አንጻር እቲ ዝነበረ መንግስቲ ብምትንሳኡ እስራኤል ሓራ ወጸት። በዚ ምኽንያት እዚ ከኣ መንግስቲ ከህነት አብ እስራኤል ን 100 ዓመት ተራእየ። ማታትያስ ብ 166 ቅ.ል.ክ አብ ሓደ ዓመት ግዝኣቱ ሞተ (167-166)። ወዱ ይሁዳ፣ ንየሩሳሌም ብ 165 ቅ.ል.ክ አብ ቁጽጽሩ ስለ ዝገበራ፣ ነታ መቕደስ ኣጽረያን ኣሐደሳን (166-161)። ዮናታን ወዲ ማታትያስ 161-144 ቅ.ል.ክ። ስምኣን 144-135 ቅ.ል.ክ። ዮሃንስ ወዲ ዮናታን 135-106 ቅ.ል.ክ። ካብ 106-63 ቅ.ል.ክ ኣርስቶቡላስን ደቁን ብተኽታታሊ መራሕቲ ኮኑ።

4. ዘመነ መንግስቲ ሮሜ 63 ቅ.ል.ክ ክሳዕ ጊዜ ክርስቶስ
- ብ63 ቅ.ል.ክ መንግስቲ ጳስከና ብመንግስቲ ሮሜ ብመሪሕነት ፖምፕ ተሳዕረት። አንቲፓተር ዝተባህለ ኤዶማዊ (ካብ ወለዶ ኤሳው) ንይሁዳ ከማሓድራ ተመዘዘ። ብድሕሪኡ ከኣ ወዱ ሄሮደስ ነታ መንግስቲ ተቖበላ ንጉስ ናይ ይሁዳ ከኣ ኮነ። (37-3 ቅ.ል.ክ) ደገፍ ናይ አይሁድ ንኽረክብ ከኣ ነቲ ቤት መቕደስ ከም እንደገና ሰርሓ። ኣዝዩ ጨካንን ርኹስን ንጉስ ነበረ። እዚ ሄሮድስ እዚ እዩ፣ ክርስቶስ ክውለድ እንከሎ ዝገዝእ ዝነበረን ንሕጻናት ቤት-ልሄም ከኣ ዘጽነቶም።

ምድላው ዓለም ንቕጥማይ ምጽኣት ክርስቶስ

ዓበይቲ ፍጻሜታት ንዓለም ንምዝርጋሕ መንገል ዘዳለዎ፦
- ግዝኣት ኣለክሳንደር ዓብዪ፣ ጀንቂ ግሪኽ አብ ብዘሎ ንኪፍለጥ ዓብዪ ደገ ከፈተ። ሓድሽ ኪዳን ብጀንቂ ግሪኽ ተጻሕፈ።
- ግዝኣት መንግስቲ ሮሜ ማሕበራውን ፖለቲካውን ሓድነት አብ ኩሉ ስለ ዘረጋገጸ፣ ምድሪ ኩላ ክትዓየላ ድልውቲ ነበረት።
- ምብታን አይሁድ ምስ ሃይማኖቶም አብ ዝኸድዎ ስለ ዝስደዱ አባይቲ ጸሎቶም፣ አብ ኩሉ ንመንገል ባይታ ኮነ።
- ቀናናዊ ብሉይ ኪዳን። ካብ ጥንቲ አብ ዛንታ፣ እግዚኣብሄር ገዛእ ርእሱ ንወዲ ሰብ ንምግላጽ መስርሕ መራኸቢ መጻሕፍቲ ኪገብር ጀመረ

- ኣብ እምኒ እተጻሕፈ ዓሰርተ ትእዛዛት (ዘዳ. 10፡4,5)
- ኣብ መጽሓፍ እተጻሕፈ ሕጊ ሙሴ (ዘዳ. 31፡24-26)
- ቅዳሕ እዚ መጽሓፍ ተገብረ (ዘዳ. 17፡18)
- እያሱ ኣብቲ መጽሓፍ መልእ (እያሱ 24፡26)
- ሳሙኤል ኣብ መጽሓፍ ጽሒፉ ንአምላኽ ኣቕረቦ (፩ሳሙ.10፡25
- እዛ መጽሓፍ እዚኣ ጸኒሓ ድሕሪ 400 ዓመት ኣዚያ ፍልጥቲ ኮነት (2ይ ነገ. 22፡8-20)
- ነብያት ኣብ መጻሕፍቲ ጸሓፉ (ኤር. 36፡32፣ ዘካ. 1፡4,7፡7-12)
- እዝራ ነዚ መጽሓፍ ኣብ ህዝቢ ኣንበቦ (እዝ. 7፡6, ነህ. 8፡5)
- ኣብ መዓልትታት ክርስቶስ "ጽሑፋት" ተባሂለን ይፍለጣ ነበራ።
- ኣብ ሓድሽ ኪዳን 300 ጥቕስታት ካብዚ ብጽሑፋት ዚፍለጣ ተጠቒሰን ኣለዋ።
- ሰብዱጀንት (ትርጉም ሰብዓ ሊቃውንቲ) እተን 39 መጻሕፍቲ ብሉይ ኪዳን ካብ ጀንቂ እብራይስጢ ናብ ጀንቂ ግሪኽ ብሰብዓ ሊቃውንቲ ኣይሁድ ካብ የሩሳሌም ናብ ኣለክሳንድርያ ናይ ግብጺ ተላኢኾም ዝ ተርጎምወን እየን። እተን ኣፖክራፋ ዝባሃላ መጻሕፍቲ (ዘይቁብሳት መጻሕፍቲ) ኣብ ሓድሽ ኪዳን ብክርስቶስ ኮነ ብኻልኦት ጸሓፍቲ ሓድሽ ኪዳን ኣይተጠቕሳን።

ኣብ ቅዱሳት ጽሑፋት ዓብዪ ተራ ዝተጻወቱ ቋንቋታት

ቋንቋ እብራይስጢ

ብሉይ ኪዳን መጽሓፍ ቅዱስ፡ ብዘይካ ሓደት ምዕራፋት ብቋንቋ ኣረማይስጢ ዝ ተጻሕፉ፡ በቶሪ ጽሑፉ ብቋንቋ እብራይስጢ እዩ።

እብራይስጢ ቋንቋ እብራውያን ደኣ ይበሃል እምበር መጀምርታኡ ካበይ መጸ ን ዝብል ሕቶ ንምምላሽ ካብ ኣብ በብዘበኑ ስነ-ጥንታውያን መጽናዕቲ ዝተኻየዱን ዚ ካየዱ ዘለዉን ዚህብም መረጋገጽን ተኣሳሲሩ ዝመጸ ዛንታን ከይተፈላለየ ዚህቦ ሓቅ ነቲ የመሳኽር እዩ።

ኣብ ቅዱስ ጽሑፍ ኣነጺሩ ነዚ ቋንቋ እዚ ዚዛረበሉ የልቦን። ኣብ (ኢሳ. 19፡18) ካብ ቋንቋ ግብጻውያን ንምፍላዩ ቋንቋ ከንኣናውያን ተባሂሉ ኣሎ። ካብ ኣራማይስጥ ንምፍላይ ከኣ ቋንቋ እይሁድ ተባሂሉ ተጥቒሱ ኣሎ። (2ይነገ 18፡26,28)።

ሙሴ ካብ ግብጺ ክወጽእ ከሎ (1440 ቅ.ል.ክ) ድሮ እብራይስጢ ከም ቋንቋ ይ ዝረበሉን ይጸሓፈሉን ከም ዝነብረ ይፍለጥ። መበቆሉ ከኣ ካብ እዚ ሎሚ ኣብ ሴ ማውይያንን ዘይሴማውይያንን ዚጥቐምሉ ዘለዉ ብሉይ ፊደላት ፊንቃውያን ዚመን ጨመ እዩ።

ባህርያት እቲ ቋንቋ በርባዕተ ወይስ ሓሙሽተ ብዛሪሮ ዚድመጹ ፊደላት ዚተዓብለለ

እዩ። ብዙሓት ቃላት ትግርኛን ግዕዝን ከኣ ቃል ብቓሉ ኣብኡ ንረኽቦም። ካብቶም ብጎረሮ ዚድመጹ ፊደላት ከም እኒ ኽ ፡ ቐ (ሕጂ ብዙሕ ዘየድምጽዎ) ጸ፡ ዐ፡ ሐ፡ ዝ ኣመሰሉ እዮም።

እቲ ብዛዕባ እዚ ቋንቋ እዚ ኣዝዩ ዘገርመካ ንኣሽሓት ዓመታት ኣንፈቱ ከይሰሓ ተ ከምታ ዘለዋ ኪኽይድ ምርኣዩ እዩ። ካብ 1400 ክሳዕ 400 ቅ.ል.ክ እዚ ቋንቋ እዚ ኣብ እስራኤል ተዘርበሉ። ድሕሪ እዚ እዋን እዚ ከም ዚዛረብሉ ቋንቋ እናጠፍኣ ድ ሕሪ ምምጽኡ (ከም ቋንቋ ግእዝ) ኣብ ኣባይቲ ጸሎት ጥራይ ተወሲኑ ተረፈ።

እግዚኣብሄር ንቐዱስ ቃላቱ መታን ብግቡእ ክዕቀብ ነዚ ቋንቋ እዚ ከም ዘለዎ ኪኽይድ ምግባሩ ተኣምራት እዩ።

እብራይስጢ ካብ የማን ንጸጋም ከም ቋንቋ ዓረብ እዩ ዚጸሓፍ። ፊደላት እብራ ይስጢ ብዘይካ እቶም ንድምጺ መቀያይሮ ዚጥቀምሎም ነጥብታትን ንእኣም ዚመስ ሉን 22 እዮም።

בְּרֵאשִׁית ← בָּרָא אֱלֹהִים אֵת הַשָּׁמַיִם וְאֵת הָאָרֶץ׃

ሃኣራጽ ቨኤት ሃሻማይም ኤት ኣሎሂም ባራ ብረይእሺት

ኣምላኽ ብመጀመርታ ሰማይን ምድርን ፈጠረ። ዘፍ 1፡1

ቋንቋ ኣራማይስጢ

እዚ ቋንቋ እዚ መበቆሉ ካብ ኣራም (መሶጳታምያ) ኮይኑ ዚርጋሔኡ ናብ ሰሜና ዊ ምዕራብን ካብቶም ኣብ ምርኮ ዝነበሩ ኣይሁድ ናብ ዓዶም ምስ ተመልሱን ዚጥ ቀሙሉ ዝነበሩ እዩ። ስለ ዝኾነ ከኣ ንእብራውያንን ንፍንቂያውያንን ዚመልክት ጌይ ሮም የቕርብዎ። ኣጸሓሕፍኡ ከም ናይ እብራይስጢ እዩ። ኣብ ብሉይን ሓድሽን ኪ ዳን ቅዱሳት ጽሑፋት ከኣ ኪርከቡ ይከኣሉ። ንኣብነት ቅዱስ ጽሑፋት ብሉይ ኪዳን ብእብራይስጢ እተጻሕፉ ኮይኖም ገለ ሒደት ምዕራፋት ብቑንቋ ኣራማይስጢ ዝተጻ ሕፉ ንረክብ። (እዝ 4፡8-6፡18, 7፡11-26, ዳን 2፡4-28 ዘፍ 31፡47 ኤር 10፡11)

እዚ ቋንቋ እዚውን ብናይ ሶርያ ቋንቋ ይፍለጥ እዩ። (2ይነገ. 18፡26) ብዘመነ ክርስቶስ ዝዛረብሉ ቋንቋ እብራውያን ኣራማይስጢ ከም ዝነበረ ይንገር። ኣብ ሓድ ሽ ኪዳን ምስ ጽርኢ ተሓዊሱ ዝተጻሕፈ ጽሑፋት ኣብዙም ዚስዕቡ ንመልከት፡ (ማ ር 5፡41, 7፡34, 15፡34)

ኣብ 1ይ ቈረ 16፡22 " ማራን ኣታ" (ም! ጐይታይ ንዓ) ብቋንቋ ኣረማይስጢ ኮ ይኑ ከይተተርጕመ ከም ዘለዎ ቃል ብቓሉ ኣብ ኵሉ ቋንቋታት ተጻሒፉ ንረኽቦ። ኣራማይስጢ ኣወዳድቓኡ ኣጸሓሕፍኡ ከም እብራይስጢ እዩ።

ቋንቋ ጽርኢ (ግሪኽ)

ኣብ ዘበን ጐይታና የሱስ ክርስቶስ እቲ ቅ.ል.ክ ካብ 2000 ዓመት ኣቢሉ ዓብሳ ሊ ቋንቋ ኣራም (መሶጳጣምያ) ኣብ ጳለስጢና ዝነበረ ቋንቋ ኣራማይስጢ እዩ። ጐይ ታና የሱስ ክርስቶስን ደቀ መዛሙርቱንውን እዚ ቋንቋ እዚ እዮም ዘዘውትሩ ዝነበሩ። ወንጌላውያን ነቲ ብቋንቋ ኣራማይስጢ እተባህለ ዘረባ የሱስ ናብ ቋንቋ ጽርኢ (ግሪ ኽ) ተርጕሞም ጸሓፍዎ። ቋንቋ ጽርኢ ኣብቲ ጊዜ እቲ ኣብ ብዓለሙ ብብዝሒ ዚዝ ረበሉ ዝነበረ ቋንቋ እዩ። ንምሉእ ሓሳብካ ክትገልጸሉ እትኽእል ብምዃኑ ከኣ ሓድ ሽ ኪዳን በዚ ኪጽሓፍ ሃብታም ትሕዝቶ በኩሪ ጽሑፍ ንኾልኦት ንምዃን በቕዐ ሓድሽ ኪዳን መጽሓፍ ቅዱስ ጥራይ ዘይኮነውን እቲ ብሰብዓ ሊቃውንቲ እተተርጕ መ መጽሓፍ እብራይስጢውን ብቋንቋ ግሪኽ ወይ ጽርኢ ነበረ።

ቋንቋ ግሪኽ (ጽርኢ)፡ ቋንቋ ግሪኻውያን ኮይኑ ካብ 2000 ቅ.ል.ክ ኣትሒዙ እን ተወሓድ ሓሙሽተ ንጹር መድረኻት ታሪኽ ናይዚ ቋንቋ ከም ዝሓለፈ ይዝንቶ።

ጥንታዊ ግሪኽ (ancient Greek)

ካብ 14 ክሳብ 12 ክፍለ ዘበን ቅ.ል.ክ ብሉይ ግሪኽ (archaic Greek) ሄሞራ ዊ ቋንቋ ወሲኽካ ክሳዕ 800 ቅ.ል.ክ. ዘሎ ግዜ ነበረ።

ክላሲካዊ ግሪኽ (classical Greek)

ብእዋኑ ፍሉጥን ተወዳዳሪ ዘይነበሮን ኮይኑ ክሳዕ 400 ቅ.ል.ክ እዚ ቋንቋ እዚ ኣ ብ ስነ-ፍልጠታውን ተክኒካውን ማህደረ ቃላት ዓለምና ዓብዪ ጽልዋ ዘሕደረ እዩ።

ሄሌናዊ ግሪኽ (Hellenistic Greek)

ናይ ግሪኽን ንኣሽቶ እስያን ምዕራባዊ እስያን ግብጽን ክሳዕ 4ይ ክፍለ ዘበን ድ.ል.ክ ሓባራዊ ቋንቋ ነበረ ። እዚ ቋንቋ እዚ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ብሓፈኻኡ ኣብ ግዝኣት መንግስቲ ሮሚ ጠቕሚ ነይሩ ጥራይ ዘይኮነ ብኻልእ ኣጸዋውዕኡው ን ናይ ሓድሽ ኪዳን ግሪኽ (New Testament Greek) ተባሂሉ ይስመ፡ ምኽንያቱ በኩሪ ወንጌላትን ካልኦት ጽሑፋት ሓድሽ ኪዳንን መጽሓፍ ቅዱስን በዚ ቋንቋ እ ዚ ስለ ዝተጻሕፈ እዩ።

ባዝንታይን ግሪኽ (Byzantine Greek)

ክሳዕ 15 ክፍለ ዘበን ድ.ል.ክ ናይ ቤተ መንግስቲ ቋንቋ ጥራይ ዘይኮነስ ቤተ ክ ርስትያናዊ (ናይ ኣርቶዶ ክሳዊት ቤተ ክርስትያን) ቋንቋውን ተባሂሉ ይጽዋዕ።

ሃይማኖታዊ ጉጅለታት

ካህናት

ካህን ዚብል ቃል ንመጀመርያ መዝኑቱ ምስ መልኪጼዴቅ እተታሕዘ ኩይኑ ኢ ና ንረኽቦ። (ዘፍ.14፡18)

ቅድሚቲ (ወግዓዊ) ዕላዊ ስርዓት ሙሴ ብዛዕባ ካህናትን መንነቶምን አብ ማሕበር ኣ ምላኽ ካብ ካልኦት ሃገራት ኣቐዲሞም እተሰምዩ ኣለዉ፦

- ጰጢፈራዕ ካህን ኦን (ዘፍ. 41፡45)
- ብካህናትን ምድሮምን ዚፍለጥ አብ ግብጺ ነበረ። (ዘፍ. 47፡22,26)
- የትሮ ካህን ምድያን (ዘጸ.2፡16፣ 3፡1፣ 18፡1)

አምላኽ ብመጀመርታ ንህዝቡ ብዛዕባ እዚ ሓላፍነት እዚ ከፍልጦም ከሎ፡ "ንስ ኻትኩም መንግስቲ ካህናትን ቅዱስ ህዝብን ክትኹኑኒ ኢኹም"። ንመጀምርታ ግ ዚ ተሓበሮም።

እቶም መጀመርያ ዝነበሩ ካህናት መን ምኳኖም ኣይንፈልጥን ግናኸ ካብ (ዘ ጸ.19፡22) ከም እንግንዘቦ ካህናት ከም ዝነበሩ ክንርዳእ ይከኣል። ዕላዊ ጽውዓ ደኣ ኣ ይኮነን እምበር ኣሮንን ደቁን አብ (ዘጸ.24፡1) ኑቲ መዝነት ዝሓጸዮም ይመስል፣ ኑቲ ስራሕውን ኣቀዲሞም ተፋሊጦምዎ (27፡21)። አብ (ዘጸ.28፡1) "ንስኻ ከኣ ንሓውኻ ኣሮን፡ ደቁ ድማ ምስኡ፡ ኣሮን ደቂ ኣሮን ከኣ.....ካህናት ክኹነኒ ካብ ማእከል ደቂ እስራኤል ናባኻ ኣቅርቦም።" ዕዮ እቲ ካህንን ኣልባሳቱን ምፍላዩን ዝሕብር አብ (ዘ ጸ. 28-30 ምዕራፋት) ተዘርዚሩ ኣሎ።

ካህን ዚብል ቃል ን 478 ጊዜ ዝኣክል አብ መጽሓፍ ቅዱስ ተጸብጺቡ ኣሎ። ክ ህነት ካብ ቤት ኣሮን ጥራይ እናተቀያየሩ ርስቶም ኮይኑ ሓለፈ። (ዘጸ.29፡29-30)። ካህን ማለት አብ መንነ አምላኽን ሰብን ብመስዋእቲ ምቕራብ ዘተዓርኾን ዘገልግል ን ማለት እዩ። መንፈስ እዚ ኣገልግሎት እዚ መጀመርያ አብ ቃኤልን ኣቤልን ካብ እንምልከቶ፡ ሰብ ገዛእ ርእሱ ምስ አምላኽ የተዓርቅ ከም ዝነበረ ንግንዘብ። ጸኒሑ ድ ማ ከም እኒ ኖህን ኣብርሃምን ካህናት ሰድራ ቤቶም ከም ዝነበሩ ንርኢ። አብ ማሕ በር አምላኽ ኮነ አብ ካል እ ሃይማኖትን ክህነት ዝውትር ነበረ።

ካህናት እቲ ዝተዋህቦም ሓላፍነት አብ ብሉይ ኪዳን አብቅዐ። አብቲ ክርስቶስ ዝ ነበረሉ ጊዜ ካህናት ነበሩ። ክርስቶስ ከኣ ኑቲ ናይ ብሉይ ኪዳን አገልግሎት አብ መስ ቀሉ ሰዓሮ። መጋረጃ ቤት መቅደስ ተቐደደ። ሓደ ሊቀ ካህን ተመርጸ። ክርስቶስ በኃ መስዋእቱ ሒዙ ከኣ ንዘለኣለም መተዓረቒና ኮነ። (እብ. ምዕ. 7-10) ተመልከት።

ኩሉ ብዘይ ማእከላይ መተዓረቂ ሰብ ናብቲ ማእከላይ መተዓረቂ ክርስቶስ ዘብ ጽሕ ጸጋ መጸ። ክህነት ሰብ አብቅዐ። ናብቲ ከም ማዕረግ መልኪጽድቅ እተባህለ ኩ ክርስቶስ ናይ ሓድሽ ኪዳን አገልግሎት አእተወና። "ከምኡ ድማ የሱስ መድሕ ን ዝሓሸ ኪዳን ኩነ" (እብ7፡22)። (እብ. 5፡9,10፣ 6፡19-20፣ 7፡11,20,21) ስለዚ ኑቲ

ዝነበረ ማዕርግ ኣሮን ተሳዒሩ (ካብ ነገድ ሌዊ) ካብ ነገድ ይሁዳ ክርስቶስ ሊቀ ካህ ንና ተንስኡ። (እብ. 7፡11,14)። ካህናት ተተክኡ። (እብ. 7፡11,14) እምበኣር ስር ዓት ብሉይ ኪዳን ከም ዝፈረሰ ካብ (እብ ምዕ.5 ክሳዕ 10፡31) ድሕሪ ምሕባሩ መዛ ዘሚ ቃሉ ኩነ።

"ስለዚ ኣሕዋተየ በቲ መጋረጃ ማለት ብስግኡ ዝቐደሰልና ሓድሽን ህያውን መገ ዲ ብደም የሱስ ናብ መቅደስ ንምእታው ትብዓት ካብ ዝህልወና አብ ቤት አምላኽው ን ዓብዪ ካህን ካብ ዝህልወናኸ፡ ልብና ካብ ክፉእ ሕልና ተነጺጉ ስጋና'ውን ብጽሩይ ማይ ተሓጺቡ ምሉእ ብተረዳእናያ እምነት ብቕኑዕ ልቢ ንቅረብ። (እብ.10፡19-22)

"ንስኻትኩም ድማ መንግስቲ ካህናትን ቅዱስ ህዝብን ክትኹኑኒ ኢኹም" (ዘ ጸ.19፡6)።

ንእግዚኣብሄር አቦኡ መንግስትን ካህናትን ክንኩኖ ዝገበረና ክብርን ስልጣንን ን ዘለኣለም ኣለም ንእኡ ይኹን ኣሜን።" (ራእ. 1፡6)

"…. ንአምላኽና ዚኹኑ መንግስውትን ካህናትን ገበርካዮም። (ራእ. 5፡10)።

"ናይ አምላኽን ናይ ክርስቶስ ካህናት ኪኹኑ" (ራእ. 20፡6)።

እዘን ጥቕሰታት እዚኣን ዘመልክትኡ እግዚኣብሄር ንህዝቡ ኩሉ መልከዕ ክህነ ት ከም ዝሃቦ እዩ። ገዛእ ርእሶም ምስ አምላኽ ብጸሎት ከተዓርቹን ክራኽቡን የመ ልክተካ።

ፈሪሳውያን

ጉጅለ ፈሪሳውያን አብ ሳልሳይ ክፍለ ዘበን ቅ.ል.ክ. ዝመጹ እየም ተባሂሉ ይእ ምን። ፈሪሳዊ ዚብል ስም "ተፈለየ" ዝትርጉሙ ቋንቋ ግሪኽ ምንጪ ካብ ኣራም እ ዩ። ፈሪሳውያ ብክልኦት ሰባት ፈለይቲ ተባሂሎም ይስመዩ ነበሩ። ከመይሲ ገሊኣም ከም ዚትንትንዎ ካብ ጊዜ ዘሩባቤል ካብ ምርኮ ምስ ተመልሱን ብጊዜ እዝራን እስ ራኤል ካብቶም አብ ዓዲ ዚነብሩ ዝነበሩ ኣረማውያንን ካብ ዘይንጹህ ነገራትን ንምፍ ላይ ዝመንጨው እዮ ኪብሉ ከለዉ (እዝ. 6:21፣ 9:1፣ 10:11 ነህ.9:2፣ 10:29) ገሊ ኣም ከኣ ቅድሚ ውግእ መቃባውያን አብ ትሕቲ ዓብላልነት ግሪኽ ከለዉ፣ ነቲ ብግ ሪኽ ዝተገብረ ጻዕሪ ማለት ንኣይሁዳውያን ብባህሊ ሄለን ንምብራዝ፣ ንኣይሁዳውያን ባህሊ ግሪኽ ምስ ኩሉ ጣእታዊ ሃይማኖታ ንኽቅበሉ ዝተገብረ ድፈኢት ንምቅዋም፣ ምትንሳእ ፈሪሳውያን ኣኽቲሉ። ዕላማ ፈሪሳውያን ነቲ ሃገራዊ ክብረቶም ንምዕቃብን ንሕገ ሙሴ ምሕላው ንምጽናዕ ዝተገብረ ግብረ መልሲ ነበረ።

ፈሪሳውያን መበቆሎም ካብ ካህናትን ጸሓፍትን ኮይኖም ካብ ዘበን እዝራ ጀሚ ሮም ክሳዕ ዘመን ማቃባውያን ገዛእ ርእሶም ኣዝዮም እናፈለዩ ናብ ክልተ ጉጅለ ን ሓድሕዶም ምውድዳርን ምፍልላይን ዘርእዩ ጉጅለ ፈሪሳውያንን ሰዱቓውያን ኣም ረሐ። ሰዱቃውያ ካብ ተራ ካህናት ዝደየቡ ክኹኑ እንከለዉ ፈሪሳውያ ግን ካብ ጸ ሓፍቲ ነበሩ። ፈሪሳውያን ናብ ሕጊ ዝዘምበሉ ክኾኑ ከለዉ ሰዱቃውን ድማ ካብ

ደረጃ ሕብረተሰብ ነበሩ።)

ትምህርቲ ፈሪሳውያን

ብዛዕባ ዘይሙግት፡ ነፍሲወከፍ ነፍሲ ንዘለኣለም ኣይትጠፍእን እያ። እቶም ጻድቃ ን ጥራይ ናብ ካልእ ኣካላት ኪግዕዙ ከለዉ እቶም ሓጥኣን ነፍሳት ግና ንዘለኣለም ክ ሳቐዩ እዮም።

ብዛዕባ መላእኽቲ፡ መላእኽትን መናፍስትን ከም ዘለዉ ይኣምኑ ነበሩ።

ብዛዕባ ፖለቲካ፡ ፖለቲካዊ ጉጅለ ኣይኮኑን ኣኸረርቲ ሃይማኖታውያን ድኣ። ብተዘዋ ዋሪ ግና ኣንጸር ምስ ሕጎም ዝኾነ ምሕደራ ብሓደ ተንሲኦም ይቃወሙ። ኣብ ህዝቢ ኣዘዩ ተቐባልነት ነበሮም። በዚ ክኣ ከም ፖለቲካዊ ጉጅለ ይፈርሁ ነበሩ።

ፈሪሳውያን ብመሰረት ታልሙድ (Talmud) ኣብ ሾብዓተ ይኸፈሉ

1. ሴከማዊ ፈሪሳዊ፡ ንረብሓኡ ኢሉ ንሕጊ ዚሕሉ። ንዲና ክወስድ ዝተገዝረ (ዘ ፍ.34፡19)።
2. ትሑት ፈሪሳዊ፡- ትሑት ኩይኑ ክርእ ርእሱ ዘድንን።
3. ዚደሚ ፈሪሳዊ፡- መታን ሰበይቲ ከይጥምት ኪንቀሳቐስ (ኪጐዓዝ) ክሎ ኣዒንቱ ይሸፍን ብኡ ምኽንያት ይናጐጽ፡ ቆሲሉ ክኣ ይርከብ።
4. ሞርታር ፈሪሳዊ፡- መታን ርኽሰት ከይርኢ፡ ሞርታር ዚመስል ቅርጺ ዘለዎ ቆ ቢዕ ዚለብስ ፈሪሳዊ ነበረ።
5. "እንታይ ኪገብር ይግብኣኒ" ፈሪሳዊ፡- ብዛዕባ ሕጊ ኣጸቢቁ ዘይፈልጥ። ሓደ ነገ ር ምስ ገበረ ቀጺሉ ሕጂኽ እንታይ እዩ ሓላፍነተይ፧ ክገብሮ ዘሎኒ እንታይ እ ዩ ኢሉ ይሓትት (ማር. 10፡17-22)።
6. ፈሪሳዊ ካብ ፍርሂ፡- ካብ ዚመጽእ ፍርዲ ፈሪሁ ሕጊ ዚሕሉ ፈሪሳዊ
7. ፈሪሳዊ ካብ ፍቕሪ፡- ንኣምላኽ ብምሉእ ልቡ ስለ ዘፍቅሮ ዝተኣዘዘ።

ቀጽሪ ፈሪሳውያ ኣብ ጊዜ ክርስቶስ ክሳዕ 6000 ኣቢሎም ይበጽሑ ነበሩ።

ጸሓፍቲ

እቶም ጸሓፍቲ ነቶም ቅዱስ ጽሑፋት ብቅዳሕ ዘሰፈሩ ነበሩ። ቀንዲ ዕዮኣም ኣ ብ ምትርጓምን ምቅዳሕን ጽሑፋት ነበረ። ብምኽንያት ብደቂቅ ኣፍልጦ እቲ ሕጊ፡ ሕጋውያን ተባሂሎምውን ይጽውዑ። በዚ ክኣ ሰበ ስልጣን ምኳኖም ይፍለጡ ነበሩ። ኣብ ዘመን መቃብውያን ብቀጽሪ ኣዘዮም ብዙሓት ነበሩ። ኣብ መንጎ እቲ ህዝቢ ከ ኣ ዓብዪ ጽልዋ ነበሮም።

ሰዱቃውያን

ሰዱቃውያን፡ ክርስቶስ ኣብ ዝነበረሉ ዘመን፡ ሃይማኖታዊ ጉጅለ ነበሩ። ሰዱቃው ያ ምስ ፈሪሳውያን ብሓደ ጊዜ ዚመጹ እዮም ተባሂሉ ይእመን። ዓለማዊ ኣብ ግምት ምእታው ብዚብል ይምርሑ ስለ ዚነበሩ ኣብ ጎኒ ባህሊ ናይ ግሪኽ ነበሩ። ኣብ ናይ

መቃኣባውያን ውግእ ንሓርነት ኣይሓበሩን። ብቀጽሪ ብዙሓት ኣይነበሩን ግናኸ ኣ ብ ሳንሄድሪን (Sanhedrin) ዓብለልቲ ነበሩ።

ሰዱቃዊ ዚብል ስም ካብ ቃል እብራይስጢ "ሰዱቂም" ኩይኑ 'ሰደቅ'–ጸድቅ ዚ ትርጕሙ ገዛእ ርእሶም በዚ ይሰምይዋ ከም ዚነበሩ ይንገር። ኣብ ቤተ ክህነት ጻደ ቅ ዚብሃል ካብ ጥንቲ ከም ዝነበረ ይንገር። ግናኸ ከም ኣቦኣም ከም ዘይቀጸሉ ይዝ ረበሎም።

ምስ ፈሪሳውያን ዚፈላልዮም እንጠቕሶ ብዙሕ እኳ እንተሎ ሰዱቃውያን ምስ ሃ ብታማት ደኣ እምበር ምስ ሓፋሽ ዚወገኑ ኣይነበሩን። ትምህርቲ ኣረስቶቕራጦስ ብ ምሓዘም ኣረስቶቕራጦሳውያን ተባህሉ። ጸሓፍ ዛንታ ኣይሁድ ዮሶፉስ (Josephus) (ግብ. 5፡17)። እቶም ወለዶ ሊቀ ካህናት ካብ ጉጅለ ሰዱቃውያን ነበሩ፡ ይብሉ። ሰ ዱቃውያን ግና ጉጅለ ሃይማኖት ጥራይ ዘይኮኑስ ካብ ካህናት ኣረስቶቕራጥስውን ነበሩ።

ሰዱቃውያን እቲ እተጻሕፈ ሕጊ ጥራይ ደኣ እምበር ነቲ ብባህሊ ዚንገር ትርጉ ማት፡ ጸኒሑም ጸሓፍቲ ዘማዕበልዎ ኵሉ ይጸረሩ ነበሩ (ኣይቅበልዎን ነበሩ)። ብዛዕባ ሰዱቃውያን ኣዕሚቕና ኣብ ትምህርቲ እምነቶም እኳ እንተ ዘይኣተና ካብ ቃል ኣም ላኽ ዚምስክሮ መልእኽቲ ኮነ መንፈስ ኣይኣምኑን ነበሩ። ከምኡውን ትንሳኤ ምውታ ት ኣይኣምኑን ነበሩ፡ (ማቴ. 22፡23 ማር. 12፡18, ሉቃ. 20፡27, ግብ. 23፡8)።

ሳንሄድሪን (Sanhedrin)

ኣብ ጊዜ ክርስቶስ ብመራሕቲ ህዝቢ ኣይሁድ ዚፍለጡ ዝነበሩ እዮም። ኣብ 3ይ ክፍለ ዘመን ቅ.ል.ክ. ከም ተገልጹ ይንገረሎም። 70 ኣባላት፡ ካብ መብዛሕትኦም ካህ ናትን ሰዱቓውያንን ገለ ፈሪሳውያንን ጸሓፍትን ዓበይቲ ዓድን ዘጠቓለለ ነበረ። ራእ ሶም ከኣ እቲ ሊቀ ካህናት ነበረ። ካብ (ማቴ. 26፡3, 57,59 ማር.14፡53, 15፡1 ሉቃ. 22፡66 ግብ.4፡5-6 5፡21,24) ሳንሄድሪን ካብ ኣራማይስጢ ብኣሰራርዓ ግሪኽ ሱነድር ዮን (Sunedrion) "ባይቶ"፡ "ቤት ምክሪ" ማለት እዩ።

ታልሙድ

ዝተኣኻኸቡ ጽሑፋት ዝተፈላለየ ባህሊ ኣይሁድን ኣፈ-ታሪኽ መግለጺታት ና ይ ብሉይ ኪዳንን ኮይኖም ኣብ 2ይ ክፍለ ዘመን ድ.ል.ክ. ምስ ትንታነኣም ዝተጻሕ ፉ እዮም።

ተርጕመስ

እዞም መጻሕፍቲ እዚኣቶም ካብ እብራይስጢ ብሉይ ኪዳን ናብ ኣራማይ ስጢ ኣፈ-ታሪኽ ትንታኔታት ዝተተርጕሙ እዮም። ኣብ ጳለስጢና ብኣራማይስጢ ዝጥቀ ሙሉ ኣድለይቲ ጽሑፋት ነበሩ።


ቤት ጸሎት (ኣባይቲ ጸሎት)

ኣባይቲ ጸሎት ኣብ ጊዜ ምርኮ ተጀሚሩ። እታ ቤት መቅደስ ተደምሰሰት፡ ኣይ ሁድ'ውን ፋሕ በሉ። ኪማሃርሱን ኪሰግዱሉ ዚግብኦም ቦታ ናይ ግድን ኣድለዮም። ኣብ ስደቶም ከኣ ኣቓምወን። ካብ ምርኮ ምስ ተመልሱ ከኣ ኣባይቲ ጸሎት ኣይሁድ ኣብ ውሽጢ ዓዶምን ኣብ ወጻእን ቀጸለ። ኣብ ዓበይቲ ኩተማታት ከኣ ሓደ፡ ካብ ሓ ደ ዝበገዘሕን ተተኽላ። ኣብ የሩሳሌም ሽሕ እኳ ቤት መቅደስ እንተ ነበሮም፡ ብዙሓ ት ኣባይቲ ጸሎት ነበራ። እቶም ቀዳሞት ክርስትያናት ከኣ ካብዚ ተበጊሶም ኣብ ኣ ባይቲ ጸሎት ይእከቡ ነበሩ።


መቓድስ መጽሓፍ ቅዱስ


	ቤት መቅደስ	ግዜ	መግለጺ	መወከሲ
1	ማሕደር ድንኳን (ተንቀሳቀሲ መቅደስ	1444 ቅ.ል.ክ. ኣቢሉ	ዝርዝር ንድፊ፡ ሙሴ ካብ ኣ ምላኽ ተቐቢሉ፡ ብመለኮ ታዊ መገዲ ጥበበኛታት ተመ ዚዞ ም ሰርሕዎ። ናዳብን ኣቢሁን ኣርከስዋ።	ዘጸ. 25-30 ዘጸ.35፡30-40፡38 ዘሌ.10፡1-7
2	ቤት መቅደስ ሰሎሞን	966-586 ቅ.ል.ክ.	ብዳዊት ተኣድፈት ብሰሎሞ ን ተሃንጸት ብዘኮዳናጻር ተ ደምሰሰት	2 ሳሙ.7፡1-29 1 ነገ. 8፡1-66 ኤር.32፡28-44
3	ቤት መቅደስ ዘሩባቤል	516-169 ቅ.ል.ክ.	ንዘሩባቤል ዝተራእየቶ ብዘ ሩባቤልን ዓበይቲ ኣይሁድን ተሃንጸት። ብኣንቲዮቀስ ኤጲ ፋኖስ ረኽሰት።	እዝ. 6፡1-22 እዝ. 3፡1-8, 4፡1-14 ማቴ. 24፡15
4	ቤት መቅደስ ሄሮድስ	19 ቅ.ል.ክ. —70 ዓ.ም.	ቤት መቅደስ ዘሩባቤል፡ ብ ሄሮድስ ዓብዪ መሊሳ ተሃ ንጸት። ብሮማውያን ተደም ሰ ሰት።	ማር. 13፡2. 14-23 ሉቃ. 1፡11-20፣ 2፡22-38 ግብ. 21፡27-33
5	እዛ ህልውቲ ቤት መቅደስ	ህልዊ ዘመን	ኣብ ልቢ ኣማኒ ትርከብ። ኣ ካላት ናይ ኣመንቲ እታ እን ኮ መቅደስ ናይ ኣምላኹ፡ ክሳዕ እቲ መሲህ ዚመጽእ፡ ንሳ ዋ ራይ እያ።	1 ቈሪ. 6፡19.20 2 ቈሪ. 6፡16-18
6	ቤት መቅደስ ራእዪ የ ሃንስ	ኣብ ዘመን ጸበባ	ኣብ ግዜ ዓብዪ ጸበባ እትር እን ብጸረ ክርስቶስ እትድ ምሰስን መቅደስ	ዳን. 9፡2 ማቴ. 24፡15 2 ተሰ. 2፡4 ራእዪ. 17፡18
7	ቤት መቅደስ ናይ ህዝቅኤ ል (ኣብ ሽሕ ዓመት)	ኣብ ግዝኣት ሽሕ ዓመት	ብራእይ ንብዪ ህዝቅኤል ተዋ ህበት፡ ቤቲ መሲህ ኣብ ግዜ ሽ ሕ ዓመት እትህነጽ	ህዝ.40፡1-42፡20 ዘካ. 6፡12,13
8	እታ ዘለኣለማዊት መቅደስ ህላዉ ኣምላኽ	ዘለኣለማዊ መንግስቲ	ካብ ኩለን ዝዓበየት መቅደ ስ (ኣምላኽን እቲ ጉንሸል ን ዝመቅደሶ) መንፈሳዊት ቤ ት መቅደስ።	ራእዪ. 21፡22 ራእዪ. 22፡1-21


የሩሳሌም ብግዜ ብሉይ ኪዳን



ናይ ሓድሽ ኪዳን የሩሳሌም







ኩጣ የሩሰሌም

13.መጻሕፍቲ ሓድሽ ኪዳን

እቶም ንብሉይ ኪዳን ዝጸሓፉ ጸሓፍቲ ታሪኽ፡ ገጠምትን ነብያትን ነቲ ኣብ ሓድሽ ኪዳን እተፈጸመ ምድሓን ኣምላኽን ምጽኣት ናይቲ መሲህን ንኽርእዩ ኣዚዮም ሃረር በሉ። እቲ መንፈስ ኣምላኽ ተደሪኾም ዘማዕድውዎ ምምጻእ ጐይታናን መድሓኒናን የሱስ ክርስቶስ ተጋህደ። ስለዚ ኣብ ሓድሽ ኪዳን፡ እቲ ኣምላኽ ኣብ ብሉይ ኪዳን ዝመደቦ ታሪኽ ምድሓን ደቂ-ሰባት ኣብ ምድሪ ተዛዘመ። Testament ዚብል ቃል እንግሊዝ (a will) ዝብል ሓሳብ እኳ ዘስምዕ እንተኾነ፡ ኪዳን ወይ ውዕል ዚብል ሓሳቡ ግና ኣዚዩ ምስቲ ኣብ ወንጌል ሉቃስ 22፡20 "እቲ ምእንታኹም ዚፈስስ ዘሎ ደመይ እተገብረ ሓድሺ ኪዳን እያ።" ዚበሎ ኣብ ቋንቋ ትግርኛ ግቡእ ትርጉሙ ሒዙ ንረኽቦ። ሓድሽ ኪዳን እምበኣር ብደም ክርስቶስ እዩ ተግባራዊ ኮይኑ። ናብዚ ምድሓን እዚ ዚኣቱ እቲ ነቲ ኣምላኽ ሓንጺጽዎ ዘሎ መገዲ ምድሓን ዚስዕብ ጥራይ እዩ። ንመጽሓፍቲ ሓድሽ ኪዳን ጠሚርወን ዘሎ ማእከላይ ሓሳብ እምበኣር እዚ መልእኽቲ ምድሓን እዩ። (ሉቃ 22፡2 1ቆሮ 11፡25 እብ 8፡7-13, 9፡15-17)

ሓድሽ ኪዳን፡ ብ9 ጸሓፍቲ ዝጸሓፍዎ 27 መጻሕፍቲ ዝቕመ እዩ። እዘን 27 መጽሓፈታ፡ ብዓቕነን፡ ብትሕዝቶአን፡ ኣጸሓሕፍአን፡ ድሕረ ባይትአን፡ ዕላማአንን ኣተኩረአንን፡ ዝተፈላለያ ብምኽነን ነናተን ዝኾነ ኣበርክቶ ኣለወን። ሓድሽ ኪዳን ብዓቕኑ ትሕቲ ሓደ ሲሶ ናይ ብሉይ ኪዳን ኮይኑ፡ ካብ ክባቢ 45 ክሳብ 95 ዓ.ም ኣብ ዘሎ ጊዜ ክም ዝተጻሓፈ ይንገር። ዝተጻሓፈሉ ቋንቋ ድማ ቡቲ ኣብቲ እዋም እቲ ህቡብ ዝነበረ ቋንቋ ግሪኽ እዩ።

መጻሕፍቲ ሓድሽ ኪዳን በብውልቀን እናዞራ ነቲ ምእመን ዘድሊ ኣስተምህሮ ክህባ ድሕሪ ምጽናሕን፡ ብቀኖናዊ መስርሕ ብሓንሳብ ተጠሚረን ናብዚ ሕጂ ዘለዋኦ መልክዕ ክመጻ ከኣላ።